# ፍኖተ ብርሃን

ለካቲት ፳፻፲፬ February 2022 መበል 67 ዓመት ቍ 513






ፈነወ ቲቪ ተዋሕዶ ናብ 24 ሰዓታት ክብ ንምባል፡ ኢዳይ ኢድካ ንበል

# ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ፡ መራሕ ሥራሕ መሪጹ

ሊቀ ማእምራን መሪጌታ ጕህ ጽባሕ (ቀሺ ተስፋሚካኤል ተስፋይ) መራሕ ሥራሕ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ ኪኾኑ ተመሪጾም። ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ፡ ብ15 ጥሪ 2022 ኣብ ዘካየዶ ምርጫ፡ መሪጌታ ጕህ ጽባሕ ካብ መወዳድርቶም መሪጌታ ደሞዝ ገብረሚካኤል፡ 58.8% ነጥቢ ብምርካብ፡ መራሕሥራሕሃገረስብከት ኤውሮጳ ኰይኖም፡ ንዝቕጽል ሠለስተ ዓመታት ኬገልግሉ ከም ዝተመርጹ፡ ዋና ጸሓፊ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ፡ ዲያቆን ፍስሓ ግርማይ ገሊጾም።

ኣብቲ ምርጫ፡ ዋና ጸሓፊ ላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ፡ ቀሺ ሓለፎም ዓምደማርያም፡ ተጸዋዒ ክፍሊ ጉዳያት ቤተክህነት፡ ቀሺ ዲበ ላይነን ብተዓዛብነት ዝተሳተፉ ኪኾኑ ከለዉ፡ ቀሺ ሓለፎም ዓምደማርያም፡ ቃል ሰላምታን መልእኽቲ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስን ኣስሚዖም።

ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ፡ ቅድሚ 10 ዓመት'ዩ፡ ብባርኾት ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ፡ ኣብ ሃገረ ስዊትዘርላንድ ብዝተቓንዐ ጉባኤ፡ ብ 02 ታኅሣሥ 2011 ተመሥሪቱ።



# ኮሌጅ ስነ መለኮት ተዋሕዶ ስሩዕ ትምህርቲ ምሃብ ቀጺሉ

ኮሌጅ ስነ መለኮት ተዋሕዶ፡ 120 ተማሃሮ ተቐቢሉ፡ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያንን፡ ምሕደራ ቤተ ክርስቲያንን፥ ዝብሉ ትምህርታት የምህር ከም ዘሎ፡ ክፍሊ ምክትታል ተማሃሮ እቲ ኮሌጅ ሓቢሩ። እቲ ትምህርቲ ብርሕቀት ዝወሃብ ኰይኑ፡ ካህናት፡ ዲያቆናትን ምእመናንን ይሳተፍዎ ከም ዘለዉ፡ እቲ ክፍሊ ሓቢሩ'ሎ። ኮለጅ ስነ መለኮት ተዋሕዶ፡ ምስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ፡ ብምትኅብባር፥ ቅድሚ ትሽዓተ ዓመታት'ዩ፡ ኣብ ዓመተ 2013 ተመሥሪቱ።

# ግሪኽ፡ 40 መነኮሳት ብኮሮና ሞይቶም

ኣበምኔት ኤስፊጌሜኖስ እተባህለ ገዳም፡ ኣባ በርተሎሜዎስ ከም ዝገለጽዎ፡ ገለ ገዳማውያን ኣቦታት፡ ክታበት ኪውሰዱ የብሉን ዝብል ምህሮ ኣብቲ ገዳም ከም ዝሰዕርር ጌሮም ምህላዎምን፡ ኣብ ገዳሞም ካብ ዝርከቡ ፈለስቲ ድማ፡ 40 ዝኣኽሉ ብሕማም ኮሮና ከም ዝሞቱን፡ ሓቢሮም። ነቲ ጉዳይ ዚከታተል፡ ኦርቶዶክስ ታይምስ ዝብሃል ማዕከን ዜና ብወገኑ፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ጥራይ፡ ኃምሽተ ፈለስቲ ብኮሮና ከም ዝሞቱ ገሊጹ'ሎ።

## ርእሰ ኣንቀጽ

# ብመዓልቲ ጾምኩምሲ ተግባርኩም ኢኹም ትገብሩ

ወርሒ ለካቲት፡ ክልተ ጾም ሓዚላ ደበኽ ኢላ’ላ። 14 ለካቲት (የካቲት ፯)፥ ጾመ ነነዌ፡ 28 ለካቲት (የካቲት ፳፩) ድማ ዓብዩ ጾም ዚጅምረሉ ዕለት’ዩ።

እቲ እግዚኣብሔር ዚፈትዎ፡ ተባሂሉ ዘሎ ጾም፡ ንመኣሰር እከይ ምፍታሕ፡ ንማእሰርቲ ኣርዑት ምዝላቕ፡ ንጥቑዓት ምውጻእ ሓራ፡ ኣርዑት ዘበለ ኹሉ’ውን ምስባር፡ እዩ (ኢሳ 58፡6-7)። ሥጋውን ነፍሳውን ሓርነት ምእንቲ ክንረክብ፡ ምፍታሕ ንዜድልዮም ምፍታሕ፡ ምዝላቕ ንዜድልዮም ምዝላቕ፡ ምውጻእ ሓራ ንዜድልዮም ምውጻእ ሓራ፡ ምስባር ኣርዑት ንዜድልዮም’ውን ምስባር ኣርዑት ኪኾነልና፡ ማዕረ ማዕረ’ዚ ኸኣ፡ ወጻኢታት ቍርስን ምሳሕን፡ ጽጉማት ንምርዳእ ምእንቲ ክንጥቀመሉ፡ ካብ ሕጂ ኣትኺዝና ምድላዋት ክንገብር ይግብኣና።

ላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ ድማ፡ ብደረጃ ሃገረ ስብከትን ንኡስ ሃገረ ስብከትን እናተኣሳሰረ፡ ክሳዕ ደረጃ ቤተ ክርስቲያን ዝወርድ ምእኩል ትምህርትታትን ሓባራዊ ጸሎትን፡ ከምኡ ኸኣ ሓባራዊ ምውጻእ ሓገዝ ንጽጉማትን ከም ዚካየድ ንምግባር፡ ይጽንሓለይ ኪብሎ ዘይግባእ ዕማም ምዃኑ ኬስተብህል ይግባእ።

---

# ቅዱስ ቴዎፍሎስ ሣልሳይ ምስ ፕረዚደንት ማሕሙድ ዓባስ ተራኺቦም



ፓትርያርክ ዘኢየሩሳሌም ቅዱስ ኣቡነ ቴዎፍሎስ ሣልሳይ፡ ምስ ፕረዚደንት ፍልስጢኤም፡ ማሕሙድ ዓባስ ብ17 ጥሪ 2022 ተራኺቦም ብዛዕባ ውሕስነት ክርስቲያን ኣብ ኢየሩሳሌም ከም ዝተዘራረቡ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ዘኢየሩሳሌም ዝተፈነወ ዜና የረድእ። መንግሥቲ ፍልስጢኤም ንነበርቲ ኢየሩሳሌም ከም ዝሕግዝን ኣብ ልዕሊ እስላማውን ክርስቲያናውን ቅዱሳን ቦታታት፡ ብጥሩፋት እስራኤላውያን ንዝልዓሉ መጥቃዕትታትን ከኣ ክከላኸል ምዃኑን፡ ፕረዚደንት ዓባስ፡ ንቕዱስ ቴዎፍሎስ ከም ዘረጋገጹሎም፡ እቲ ዜና ወሲኹ የረድእ።

---

# ጥዕና ቅዱስ ኣቡነ ማትያስ ከም ዝተመሓየሸ ተገሊጹ



ሻድሻይ ፓትርያርክ ዘኢትዮጵያ፡ ቅዱስ ኣቡነ ማትያስ ቀዳማዊ፡ ሓሚሞም ኣብ ሕክምና ድኅሪ ምጽናሕ፡ ብዓርቢ 21 ጥሪ 2022 ናብ መንበሪ ቦታኦም ከም ዝተመልሱ፡ ንኹነታት እቶም ኣቦ ብቐረባ ዚከታተሉ ሓቢሮም። ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ዘኢትዮጵያ ግና፡ ብዛዕባ’ዚ ዝሃቦ ሓበሬታ የልቦን። ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ክልተ ፓትርያርካት ክህልውዋ ከለዉ፡ ኣቡነ ማትያስ ሻድሻይ ፓትርያርክ፡ ኣቡነ መርቆሬዎስ ከኣ ራብዓይ ፓትርያርክ፡ እዮም። ኣቡነ መርቆሬዎስ ን 27 ዓመታት ኣብ ኣመሪካ ብስደት ክነብሩ ድኅሪ ምጽናሕ እዮም፡ ብ 2018 ናብ መንበሮምን ሃገሮምን እተመልሱ።

---

ላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ፡ ኣሕጉረ ስብከታት
ክፍሊ ሕዝባዊ ርክባት

ኣሰናዳኢ
ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል
fnotebrhangazeta@gmail.com

ኣርታዕቲ
ቀሺ ኢሳይያስ የዕብዮ
ቀሺ ኣፈወርቅ ተወልደ
ቀሺ ጳውሎስ ኪዳነ
ዲያቆን ጸጉ ነጋሽ
ዲያቆን ክፍለማርያም ገብረመስቀል

ቅጥዒ ጋዜጣ
ኣሕታሚ እምኮሉ

---

## ምስጋና ካብ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን

ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ጽባቐ ትርኢታ ዓቂባ ንኽትወጽእ፡ ወርሓዊ ንዜድልያ ናይ ኣስታት 200 ዶላር ሓገዝ ዝሓገዝኩም እግዚኣብሔር ይባርኽኩም ንብል።

ንዝኾነ ርእይቶ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቡና።

fnotebrhangazeta@gmail.com

# ሕዝቢ፡ ኣብ መራሕቲ ሃይማኖት ዘሎዎ እምነት ኣዝዩ ይቕንስ ኣሎ

ሰላም ኣምላኽ ምሳኹም ይኹን! ነቲ ኵሉ ንምህናጽናን ብፍልጠት ሓቂ ኽንመላለስን እትገብርዎ ኣገልግሎት ኣምላኽ ኣሳልጦ ይሃብኩም።

ብዛዕባ እታ ኣቐዲምና ንመስከረም፡ ድሒርና ከኣ ንጥሪ ብተስፋ ክንጽበያ ዝጸናሕና ቲቪ ተዋሕዶ፡ ሕጂ'ውን ኣይትጅምርን እያ ዝብል ኣብ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ምስ ኣንበብኩ፡ ምእማኑ ከቢዱኒ እዩ። ቤተክርስቲያን ሃገር እያ፡ ቤተክርስቲያን ሕዝቢ እዩ እናበልናስ፡ ተራ ውልቀ ሰባት እኳ ንዝውንንዎ፡ ብሕብረት ኴንና ንሓንቲ ቲቪ ምኽኣን ክንስእን!፤ እዚ ጉዳይ ከመይ እዩ፤ ብሓቂ ድዩ ገንዘብ ውሒዱ፤ ዶስ ልቢ ኣገልገልቲ እዩ ሓንጊዱ፤ (ተሪሩ)። ኵልና ከም እንፈልጦ፡ ኣብ ዘመንና መራኽቢ ብዙኃን፡ ነቲ ንሕና ዝሰማዕናዮን ዝኣመናዮን፡ ኣብ መከራ'ውን እንጸናንዓሉ ዘለና ወንጌል ክርስቶስ፡ ኣብ ኵሉ ሰብ ንኽበጽሕ እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ። ምናልባሽ ዘይበጻሕክዎ ደኣ ይህሉ ይኸውን እምበር... እዚ እሞ ንመን ክጠፍኦ እዩ እናበልኩ እየ ዝጽሕፍ ዘለኹ።

በቲ ሓደ ወገን፡ ቲቪ ተዋሕዶ ክትጅምር እያ እሞ እጃምካ ኣበርክት እናበልና፡ ብኣካል ይኹን ብርሕቐት ዝጉስጉስናዮ ሕዝቢ፡ ኣብ መራሕቲ ሃይማኖት ዘሎዎ እምነት ኣዝዩ ይቕንስ ኣሎ። በቲ ኻልእ ወገን ከኣ፡ ንዝወጠንናዮ መደብ ኣብ ጊዜኡ ከነተግብር ከም ዘይንኽእል እዩ ዜግህደልና ዘሎ። ጉዳይ ገንዘብ እንተ ኾይኑ፡ ወርሓዊ ድዩ፡ ዓመታዊ ካብ ነፍስ ወከፍ ቤተክርስቲያን ከም ዝምላእ ተገይሩ፡ እቲ ኬምጽኦ ዚኽእል ውጽኢት ኣማዕዲና ቀልጢፍና እንተንጅምር፡ ክንደይ ጽቡቕ ኔሩ። ንሓንቲ ቲቪ ኣይኮነን፡ ካልእ ክሰርሑን ከመሓድሩን ዝኽእሉ ብዙሓት ኣቦታት ከለውናስ፡ ነዛ ንእሽቶ ነገር፡ ክንድ'ዚ ጋሕመጥመጥ ከነብላ!፤ ንእሽቶ ኢለ ዘቃልላ ዘለኹ፡ ብመንጽር ዕቤት ቤተክርስቲያናን እቲ ዘሎዋ ጸጋታትን እሪኣ ስለ ዘለኹ'የ።

ንብረትና ዘበለ ንዕዮ ወንጌል ዝበቅዕ ኮይኑ ክርከብ ኣምላኽ ይርድኣና! ልዑል ኣምላኽና እግዚኣብሔር ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተባረኸ ይኹን!

*ዲያቆን ተስፋት መዓሮ፡*
*እስራኤል*

# ምኅጽንታይ ንላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ




ሰላም ኣምላኽ ይብዝሓልኩም! ስለ እቲ ኣባኹም ዘሎ ትግሃት ድማ ንኣምላኽ ክብሪ ይኹኖ። ቲቪ ተዋሕዶ፡ ጥሪ ኣይትጅምርን: ዝብል ጽሑፍ ምስ ኣንበብኩ፡ መዓስ ደኣ ኽትጅምር'ያ፤ ዝብል ሕቶ እዩ ፈጢሩለይ። መዓስ ከም እትጅምር ኣይተጻሕፈን። ስለምንታይ እያ ግና ክትጅምር ዘይከኣለት፤ እቲ ዝተዋጸአ መጠን ገንዘብ፡ ትሕቲ ፍርቂ ስለ ዝኾነ፤ ስንፍናን ሕፍረትን'ዩ ተሰሚዑኒ። ናይ ብሓቂ ዲና ገንዘብ ስኢንና፤ ኣይመስለንን! ንርእዮ እንዶ የለናን ንውሕስነት ዘይብሉ (on-line Business) እናተባህለ፡ ገንዘብና ክብተን! ወይ እቲ ዝጠቕመና እንታይ ምኳኑ ጠፊኡና ኣሎ፥ ወይ ከኣ በዚ ቲቪ ዝመሓላለፍ "ብርሃን ወንጌል" ምኳኑ፡ ዘንጊዕናዮ ኣሎና። "እዚ ብርሃን ከኣ ኽብሪ ናይቲ ኣምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ እዩ" (2ቈሮ.4፥4)። ክርስቶስ ዝሰበኸሉ መድረኽን፣ ንብዙኃት ንድኅነት ዝኸውን ኣገልግሎትን ምኳኑ ተረዲኡና፣ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ፡ ፈነወ ቲቪ እንተ ዝጅመር ምበልኩ። ከምቲ ቤተ ክርስቲያን ክንሃንጽ ኣብ ዝደለናሉ እንገብሮ፡ ብዙሕ ጻዕርን፣ ጉስጓስን፣ ካብኡ ብዘይፍለ መገዲ'ውን ነዚ ቲቪ ተዋሕዶ፡ ሓሳብ ኮይኑ ምእንቲ ከይተርፍ፣ ምሉእ ኣድህቦን፣ ጻዕርን ክግበረሉ፡ ንላዕለዋይ መንፈሳዊ ጉባኤ፡ ምኅጽንታይ ኣቕርብ። "ንስኺ ኽምዚ ንዝበለ እዋን ናብ መንግስቲ መጺእኪ እንተ ኾንኪ፣ መን ይፈልጥ፤ "(ኣስ 4፥14) ንሕና ኸ፡ እዚ ኹሉ ዝተቐበልናዮ ጸጋታት፡ ነዚ ጊዜ እዚ እንተኾነ መን ይፈልጥ፤! ሃየ ደኣ!

*ምልእተ ተኽለ፡*
*ስዊትዘርላንድ።*

# እንታይ ክንገብር ከም ዘለና ሓብሩና

ሰላም ኣምላኽ ምሳኹም ይኹን ኣዳለዉቲ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን።

ነዛ ንነዊሕ እዋን ተዓጽያ ካብ ነበብታ ተኸዊላ ዝጸንሐት ጋዜጣና፡ ካብ ዝነበረቶ ኣዉጺእኩም ብኽምዚ ዝበለ ኣዝዩ ጽፉፍ ስራሕ፡ እሞ ኸኣ ብናጻ ክትዝርጋሕ ዝገበርኩም፡ ሰማያዊ ኣምላኽ ጸጋኡ የብዝሓልኩም። ንስኻትኩም ብዉሕሉልን ኣዝዩ መሃርን ኣገባብ ከተቕርቡ እኳ ዘይተሓለልኩም፡ እሞ ኸኣ ነዚ ስራሕ ከተሳልጡ ሓገዝ ክሳብ ምሕታት ምብጻሕኩም ንነፍስና ወቒስናያ። ሕጂ ግና ስድራና ብዝከኣለና ክንተሓባበር ቅሩባት ኣሎና እሞ፡ እንታይ ክንገብር ከም ዘለና ሓብሩና።

*ስድራ መም ኣማኑኤል ኣስመላሽ፡*
*ሸወደን*

# ንወርሒ ሓደ ዶላር እንተገበርኩማ ኸ፤

ብመጀመርያ ኣዳለውቲ ፍኖተ ብርሃን ሰላም ኣምላኽ ምሳኹም ይኹን፣ ቀጺለ፡ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን

ብናጻ እያ እትዕደለና ዘላ። እቲ ቃል ኣምላኽ እኳ፡ ኣፍ እቲ ዜኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር እዩ ዚብል። ኣገልጋሊ ግቡኡ ይርከብ ማለት ድማ እዩ። እቶም ኣብ E-mail ዝስደደልና ዘሎ፡ ካብ ብናጻስ ብሓደ ዶላር ንወርሒ ዘይንጅምር፤ እዚ ኸኣ ንዓመት 12 ዶላር ማለት እዩ። እዚ፡ ናተይ ርእይቶ እዩ እምበር፡ ንዝሓሸ እተቕርብዎ ሓሳብ ዝቕበል ሰብ እየ። ብዝተረፈ ሰላም ኣምላኽ ምስ ኵልና ይኹን!

*ሓጐስ ኣማኑኤል*

# ግብዝና

*ዲያቆን ፍጹምብርሃን ታደለ*

ኣብ ዝሓለፈ ኅታም፡ ”ሥሉሳዊ ትእዛዛት” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ካብቶም ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ ሽዱሽተ ተጠቒሶም ካብ ዝርከቡ፡ እቲ ንግብዝና ዚምልከት ሓደ ክፋል፡ (ካብ ፍቕዲ 1-18 ናይቲ ምዕራፍ) ክንርእዮ ጀሚርና ኔርና። ግብዝና ማለት፡ ንገጽካ ብኻልእ መልክዕ ብምኽዋል፡ ዘይንስኻ ክትመስል ምፍታን ማለት ምዃኑን፡ ንሕና ግና ካብ ግብዝና ክንርሕቕ ከም ዚግብኣናን ድማ ርኢና ኔርና፡ መቐጸልታኡ እንሆ፦

### ግቡዝ ሰብ፡ ጠባሪ ርእሱ እዩ

ሓዋርያ ቅዱስ ያዕቆብ፡ ግቡዝ ሰብ፡ ንኻልኦት ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንገዛእ ርእሱ’ውን ከም ዚጥብር ገሊጹ፡ (ያእ1፡26)። ሰብ ንርእሱ ይጥብር ክንብል ከለና፡ ነቲ ክገብሮ ዘለዎ ምግባር ገዲፉ፡ ነቲ ንእኡ ዝጥዕሞ ኪመርጽ ከሎ’ዩ። እዚ ድማ፦

ሀ. ነቲ ዝኣመኖ ብግቡእ ኣይፈልጦን

ደቂ እስራኤል፡ ነቲ ኣምላኽ ካብኦም ዚደልዮ ፈሊጦም ክንሶም እንተኾነ ግና ነቲ ክፉእ መጋብር እናቐጸሉስ፡ ኣምላኽ ክቕበሎም ድማ ብምድላዮም፡ ነብዪ ኤርምያስ “ጠበርቲ” ኪብሎም ከሎ ንነብብ። “ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ለምነልና፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዚብሎ ኹሉ ንገረና፡ ንሕና ድማ ክንገብሮ ኢና፡ ኢልኩም ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ልኢኽኩምኒ ኢኹም እሞ፡ በዝስ ንነፍስኹም ኢኹም ዝጠበርኩም” ይብል ቃል እግዚኣብሔር፡ (ኤር 42፡20)።

ለ፡ ነቲ እኣምኖ እየ ዝብሎ ብልቡ ክእዘዞ ኣይደልን።

እዚ ኸምዚ ዝዓይነቱ ሰብ፡ ብብዙሕ ምኽንያት ተሰንዩ ንቓል ኣምላኽ ክእዘዞ ኣይደልን እዩ። እቲ ምኽንያት እንሓንሳእ ፍርሂ ኪኸውን ይኽእል፡ (ዮሃ 12፡42-43)። እንሓንሳእ እቲ ቓል ንእኡ ዚምልከቶ ኣይመስሎን (ሮሜ 2፡17-24፡) እንሓንሳእ፡ ኣምላኽ ምሳይ እዩ ኢሉ ስለ ዚሓስብ “ሓላቑኣ ብመማለጃ ይፈርዱ፣ ካህናታ ብዋጋ ይምህሩ፣ ነብያታ ብገንዘብ ይንበዩ፣ ምስናይ እዚ ኹሉ፣ እግዚኣብሔርዶ ኣብ ማእከልና ኣይኰነን፣ መዓት ኣይወርደናን እዩ፣ ኢሎም ኣብ እግዚኣብሔር ይጽግዑ” ከም ዝበለ፡ ነብየ እግዚኣብሔር (ሚካ 3፡8-11) እቶም ግቡዛት ድማ ርእሶም እናጠበሩ ይነብሩ።

ኣምላኽ ምሳኻ ዝኸውን ብሓቂ ምስ እትነብር እዩ። ከምቲ ኣብ ኢሳይያስ 48፡2-8 “ስለ ስመይ ኢለ ቍጥዓይ ኤደንጕ፡ ከየጽንተካ ድማ፡ ስለ ኽብረይ ኢለ ርእሰይ እገትእ ኣሎኹ፡” ብምባል ነቶም ጠበርቲ ይነግሮም። ናይ ዘይምእዛዝ ዋጋ ስለ ዝደንጐየ፡ በቲ ናይ ጥበራ ሓጐስ ክትዛነ ምጽናሕ ብድንገት የጥፍኣካ እዩ።

ሐ. ርእሱ ምእንቲ ኬኽብር ኢሉ ጥራይ ብኣምላኽ ይሕበን። “ዚምካሕ ብእግዚኣብሔር ይመካሕ” ምስ በለ፡ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ “እምነትኩም ኣብ ሓይሊ ኣምላኽ እምበር ኣብ ጥበብ ሰብ ምእንቲ ከይስረት እዩ” ብምባል ሓሳብ ክርስቶስ ኣብ ውሽጥና ክህሉ ይምዕደና። ንሕና ብኣምላኽ ክንሕበን ዝተጻዋዕና፡ ንርእስና ምእንቲ ከነኽብር ዘይኰነስ፡ ኣምላኽ ብዝገበሮ ምእንቲ ክኸብር እዩ፡ (ኤር 9፡23-24 1ቈረ 1፡26-31 2፡1-16)።

መ. ንቓል ኣምላኽ፡ ንኽእዘዞ ዘይኰነስ፡ ንስለ ፍልጠትን ንስለ ምኽታዕን ኢሉ’ዩ ዜንብቦ። እቲ ከምዚ ዝዓይነቱ ሰብ፡ ክንዲ ምንታይ ይፈልጥ ኪብሃል እምበር፡ ንምንባር ኢሉ ስለ ዘይምሃር፡ ዘረባኡን ግብሩን ይፈላለ እዩ። ብዘሎ ፍልጠት ሃልዩካ ፍቕሪ ኣምላኽ እንተዘይብልካ፡ ከንቱ ኢኻ፡ (1ዮሃ 4፡16-21)።

ረ. ነቶም ኣይፈልጡን እዮም ዚብሎም ብድፍረት ስለ ዚምህር፡ ካብኦም ዝሓሸ ኮይኑ ይስምዖ። ቃል ኣምላኽ መጀመርያ ንርእስና ክንምልከት እዩ ዝምህረና (ያእ 1፡22-27)። ብዛዕባ ሓደ ኣርእስቲ ክንድምንታይ ትፈልጥ ዘይኮነስ፡ ነቲ ህይወት ክህበካ ህይወቱ ዝሃበ ጎይታ ክትነብር ክንድምንታይ ርእስኻ ትውፊ እዩ። ሰብ ቆረንጦስ ከም ድላዮም ኪነብሩ ዝገብሮም ዝነበረ፡ ነቲ ኣብ ኩሉ ሰብ ኪህሉ ዝነበሮ ፍልጠት ብምርሳዖም እዩ። ኣነ ኸ ሎሚ፡ ንቓል ኣምላኽ ክሰምዖ ወይ ከንብቦ ከለኹ፡ ኣባይ መን ክነብር ኢለ እየ፡ “ፍልጠት ይነፍሕ፡ ፍቕሪ ግና ይሃንጽ”እዩ።

### ግቡዝ ሰብ፡ ንኣምላኽ ኣየኽብሮን

“ብሰርኹም ስም ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ይጽረፍ ኣሎ” (ሮሜ 2፡24 ኢሳ 52፡5)። ሰብ ንኣነባብራ እቶም ንኣምላኽ ንስዕብ ኢና ዚብሉ የንብብ እዩ። እቶም ንኣምላኽ ንስዕብ ኢና ንብል፡ ዘይቅዱስ ሕይወት ንመርሕ እንተድኣ ኣሎና፡ ብርሃን ኣምላኽ ኪበርህ ኣይክእልን እዩ። ሰባት ንኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክርእይዎ ይግባእ። እንተዘይኮነ ግን ስም ኣምላኽ ይጽረፍ እዩ።

### ግቡዝ ሰብ፡ ሕይወት የዕኑ

ሰብ ንኣምላኽ የኽብር ኣለኹ ኢሉ፡ ዘይግባእ እንተመሃረ፡ ነቲ ዝሰምዖ ዘሎ ሰብ ይጐድኦ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ ኪጽሕፈሎም ከሎ፡ “ከነታልለኩም ኢልና” “እናማሳመስና ብስስዕቲ ከቶ ኣይመጻናኩምን” እዚ ድማ ነቶም ህዝቢ “ነቲ ንመንግስቱን ክብሩን ዝጸውዓኩም ኣምላኽ ብቑዓት ኴንኩም ክትመላለሱን” ብምባል ኣብ ማእከሎም ብቕንዕናን ብቕድስናን ይነብሩ ምንባሮም ኣዘኻኺረ ((1ተሰ 2፡3-10)።

ግብዝና፡ ንሕይወት ኣመንቲ ብኸንቱ ባህልን ልምድን ስለ ዚመልእ፡ ነቲ መንፈሳዊ ትሕዝቶን ሓቀኛ ትርጒምን ይብርዞ እዩ። ንኣብነት ሰብ ብዛዕባ ኣብ ሞባይላቱ ዘሎ ደርፊ ምግናሑ እናተሳእነካ፡ ብዛዕባ ነጻላ ዘይምልባሱ ትገንሖ። ደምን ሥጋን ወልደ-እግዚኣብሔር ምቕባል እናኣበየ ክነሱ፡ ብዛዕባ ነጻላ ዘይምልባሱ ትገንሖ። ኣየናይ ይዓቢ፤ ኣየናይ እዩ ኸ ሕይወት ዚህብ፤ ነጻላ ዚገበሩ ኣብ መቕደስና ምልእ ስለ ዝበሉ ኣዒንትና ዓጊቡ፡ ግናኸ መንፈሳዊ ሕይወት እቲ ተኣኪቡ ዘሎ ግና ግዲ ዘይንገብረሉ እንተድኣ ኴንና፡ እዚ’ውን ግብዝና እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ነቲ ግቡዝ ዝኾነ ሰብ፡ “ከመይ ጌርካ ኢኻ ቃላተይ እትደግም፤ ብዛዕባ ኪዳነይ’ውን ክትዛረብ እትደፍር፤”ብምባል፡ ብምግራም ይሓቶ (መዝ 50፡16)።

### ግብዝና ፈሪሳውያን

ሀ. ንበይኖም ደቂ ኣብርሃም ምዃኖም ይመስሎም ስለ ዝነበረ፡ (ዮሃ 8፡31-59)

ደቂ እስራኤል ደቂ ኣብርሃም እዮም። ፈሪሳውያን ግና ንርእሶም ልዕሊ ኩሉ ብምሥራዕ እቲ ንኹሎም ዚምልከት ኣቦነት እኳ፡ ንበይኖም ኪገብርዎ በሃጉ። ሎሚ’ውን ጽድቅን ቅድስናን ንኹሉ ሰብ እኳ ተዋሂቡ ክንሱ፡ ንዝተወሰኑ ሰባትን ብብዙሕ ውረድ ደይብ ዝብጻሕ እዩ እናበልካ፡ ሰባት ካብ ኣምላኽ ኪርሕቁን ናብ ንስሓ ከይበጽሑን ምኽልካል ዝኸፍእ ግብዝና የልቦን። ሰብ ማዕረኻ ከይትሠዕ ኢልካ ዝግበር ግብሪ፡ ግብዝና እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትሕቲ ሰብ ኪኸውን ዝመረጸ፡ ንኹሉ ሰብ ናብ ምድሓን ምእንቲ ኬቕርብ እዩ። “እምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ

ናብ ገጽ 11 ይቕጽል

# ምስማዕን ምስምማዕን

*ዲያቆን ባስልዮስ መሓሪ*

ምስማዕ፡ ኣብ ኵሉ መዳያዊ ሕይወት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነቲ እንሓስቦ ቀላሲኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ማለት፡ ነቲ እንሰምዖ ስለ እንሓስቦ፡ ንብጻይና እንታይ ኢልና ከም እንዛረብ ክንፈልጥ የድልየና። እቲ ካብ ኣፍና ዚወጽእ ቃል፡ ኣብ እዝኒ ሰማዒ በጺሑ፡ እንታይ ኣተሓሳስባ ከም ዝወልድ፡ እናሓሰብና፡ እቶም እነውጽኦም ቃላት ኣዚና ጥንቁቓት ክንከውን የድልየና።

ብዙሓት፡ ቃል ኪዳን ቅድሚ ምእታዎም ኣብ ሌላ ንዝተወሰነ እዋን ብሓንሳብ ይጸንሑ እሞ፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ቃላት፡ እቲ ናብ ቃል ኪዳን ናይ ምብጻሕ ዝነበሮም ድልየት ይምህምን። ብኡ ኣቢሎም ድማ ፋሕ ይብሉ። ገሊኦም ከኣ፡ ብዘይ ቃል ኪዳን ብጥዑም ቃል ተጠቢሮም ብዝሙት ብሓንሳብ ምንባር ይጅምሩ እሞ፡ ንዑ ካብዚ ዘለኽዎ ሕይወት ውጹ፡ ቃል ኪዳን እሰሩ ምስ እትብሎም ድማ፡ እቲ ርክቦም ብኣምላኽ ዘይተመስረተ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ኪኣትዉ ኣይደልዩን።

ጠንቂ ናይዚ ኵሉ፡ ኣቐዲሞም እቲ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ኪምሃሩ ብዘይ ምኽኣሎም እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ጽን ኢልካ ምስማዕን፡ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ምስምማዕን ተለማሚዶም እንተዝነብሩ፡ ንሓድሕዶም እውን ጽን ምባልን ምስምማዕን ኪምሃሩ ምቐለለሎም ኔሩ። ንሓዳር ብዝምልከት፡ ካብቲ መስራቲኡ ኢና ክንምሃር ዚግብኣና።



እዞም እንጠቕሶም ዘለና ሰባት ግና፡ ንሓዳር ብዝምልከት፡ ካብ ቃሉ ኣይተምሃሩን። እቲ ብዛዕባ ሓዳር ዚፈልጥዎ፡ ካብቲ መዓልታዊ ዝሰምዕዎን ዝርእይዎን ዝመጸ እዩ።

እንሰምዖ ቃል ኣብ ሕይወትና ክሳብ ክንደይ ጸላዊ ምዃኑ ተረዲእና እንተ ኾይኑ፡ ኣምላኽ ደቁ ክሰምዕዎ ኢሉ ዝሃቦም ሕያው ቃል ኣሎ። ኣነ ንሰበይተይ ዘስምዓ፡ ንሳ’ውን እተስምዓኒ ቃል፡ ከምቲ ቅዱስ ቃሉ ዝእዝዞ፡ ንምህናጽ ዜድሊ፡ ብጨው እተቓመመ፡ ጸጋ ዘሎዎ ቃል ምእንቲ ኪኸውን፡ እቲ እንሰትየሉ ምንጪ፡ እቲ ቕዱስ ቃል ምስ ዝኸውን’ዩ። ነቲ ኣብ መንጎና ዝህሉ ውህደት፡ ማዕረ ክንደይ ኣዝዩ ጥዑም፡ ህድኣት ዘሎዎ፡ መንፈስ ዝዓሰሎ፡ ሓዳር ክንመርሕ ዝገብር ቃል ድማ እዩ። ንቓሉ ምስማዕ፡ ንሓድሕድካ ምስምማዕ ከም ዚህልወካ ይገብር። ምስማዕን ምስምማዕን ክልቲኡ ብኸመይ እዩ ክህልወና ዚኽእል፡ ዝብል እምበኣር፡ ብሩህ ዝኾነ ይመስል። ቃል ኣምላኽ ከም ዝነግረና፡ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፡ ምስማዕ’ውን ብቓል ክርስቶስ ኢዩ፡ (ሮሜ 10፡17)።

“ኣተሓሳስባ ⟹ እምነት ⟹ ምስማዕ” ተተሓሓዝቲ ኢዮም። ኣተሓሳስባና ካብ እምነትና፡ እምነትና ድማ ካብ እንሰምዖ ቃል እዩ ዝምንጩ። ነቲ ክንሰምዖ እንውዕል፡ ንዕኡ ኢና እነጉስዖ፡ እቲ ጒሳዕና ድማ ንሰማዒና ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ኰይኑ ይሸትቶ። ስለዚ እዩ ጐይታ “ብእትሰምዕዎ ተጠንቀቑ” ብምባል ዚዛረበና (ማቴ 4፡24)። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ’ውን “እቲ ንሰማዕቱ ንበረኸት ዚኸውን፡ ንምህናጽ’ውን ዜድሊ ሠናይ ዘበለ ዘረባ ደኣ ተዛረቡ እምበር፡ ዘይጠቅም ዘረባስ፡ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ” ብምባል ጽሒፉ’ሎ፡ (ኤፌ 4፡29)። ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ክህሉ ዚግባእ ባእታታት ድማ፡ ምዝርራብ እዩ። ኣብቲ ምዝርራብካ፡ በረኸት ዜውህብ ክትዛረብ ከለኻ፡ ነቲ ዘሎ ፍቕሪ መሊሱ የደልድሎ።

ብጻይካ ኪዛረብ ከሎ ዘይትሰምዖ እንተ ደኣ ኴንካ ግና፡ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ኣተሓሳስባ’ውን ክትመዝኖ ኣየኽእለካን እዩ። ስለዚ ድማ እቲ ዘይምስማዕ፡ ናብ ዘይምስምማዕ ይወስደካ። ዘይምስምማዕ ኣብ ዚፍጠረሉ ጊዜ፡ ቅድሚ ኹሉ ብምሕዳስ ሓሳብና ክንልወጥ ከም ዝግብኣና ምዝካር የድሊ። ዘይተለወጠ ኣተሓሳስባ፡ ዝተለወጠ ስምምዕ ኪፈጥር ኣይክእልን እዩ። ጸገማቶም ፈቲሖም ናብ ስምምዕ ክመጹ ዚኽእሉ፡ ቀዳማይ ኣብዚ ደረጃ’ዚ ኬውርዶም ጌርዎም ዘሎ እንታይ ምዃኑ ምምርማር የድልዮም። ካልኣይ እቲ ዘየሰማምዕ ዘሎ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከመይ ከም ዝርኣ፡ ህድእ ኢልካ ብቓሉ ምምዛን የድሊ።

ተሰማዒ ክትከውን እንተደሊኻ፡ ሰማዒ ምዃን ከም ዜድልየካ ዘክር። ነቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝገበሮ ፍቕሪ ሕሰብ። ደቂ ሰብ ንኣምላኽ ምስማዕ ምስ ኣበናዮ፡ እግዚኣብሔር ኣቦ ግና ንኣና ምፍቃሩ ከየቋረጸ፡ ንወዱ ሰብ ጌሩ ብምልኣኹ ፍቕሩ ገለጸልና። እግዚኣብሔር ንምፍቃርና ኣይተሓለለን፡ ኣይሕለልን ድማ እዩ። እቲ ሰዓቢ እግዚኣብሔር ዝኾነ ድማ ከምኡ፡ ዘይሕለል ጸዓት ካብ ኣምላኽ ይቕበል’ዩ።

“ምስማዕ ስለ ዝኣበየትኒ፡ ንሰበይተይ ብኸመይ ከም ዘስምዓ ሓርቢቱኒ እዩ ዘሎ፡ ” በለ ሓደ ጎው። ኣምላኽ ኣብ ኵነታትና ርእዩ እንተ ዘፍቅረና ኔሩ፡ ዛጊት ሓደ’ኳ ብሕይወት ዝነብር ሰብ ኣይምተረኽበን። ብዘይ ቅድመ ኵነት ስለ ዘፍቀረና ግና፡ እዛ ፍቕሪ እዚኣ፡ ንብዙኃት ሰባት በብዘመኑን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ለዊጣ እያ። ዘይትሰምዕ ወይ ዘይሰምዕ መጻምድቲ እንተ ኣሎና፡ መፍትሒኡ፡ ብዘየቋርጽ ፍቕሪ ምፍቃር ጥራይ እዩ። ከም ውሉድ ኣምላኽ ድማ፡ ነቲ ባሕርይ ኣምላኽ ከነንጸባርቕ እዩ ዘሎና። ንሰብ ከየፍቀርካዮ ከተስምዖ ኢልካ ምፍታን ትርጒም ኣልቦ እዩ። ኣይኮነንዶ ከየፍቀርካዮ ከተስምዖ ኢልካ ምፍታንሲ፡ ኣፍቂርካዮ’ኳ ብዙሕ ሰማዕትነት እናኸፈልካሉ’ውን ንኽሰምዓካ ጋዶ እዩ።

ተጻመድቲ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኢና ቃል ኪዳን እንኣቱ፡ ሓደ ካባና ምስማዕ’ኳ እንተኣበየ፡ ኣምላኽ ግና ወትሩ ይሰምዓና እዩ። ስለዚ፡ ኣቐዲምና ኣብቲ ዝገጥመና ዘይምስምማዕ፡ እቲ ኬሰማምዓና ዝኽእል ኣምላኽ ምዃኑ ተረዲእና፡ ካብ ምሉእ ልቢ፡ ጒዳይና ናብ እግዚኣብሔር ከነቕርቦ ይግብኣና። ኣብ ቅድሚኡ ዝኣሰርናዮ ቃል ኪዳን፡ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ኬድና ከነፍርሶ ኣይግባእን።

እምበኣርከስ፡ ምስምማዕ ካብ ምስማዕ ስለ ዝኾነ፡ ብስምምዕ ክንነብር ብቓሉ ምዕባይ፡ ብጸሎት ምቕራብ የድልየና እዩ። እዚ ክንገብር ኣምላኽ ይደግፈና፡ ኣሜን።

# ድሮ ጉባኤ ኤፌሶን



ኣባ ቄርሎስ ዘእስክንድርያ

ኣብቲ ዘመን እቲ፡ ንስጥሮስ እተባህለ፡ ጳጳስ ዘቁስጥንጥንያ፡ ንምሥጢረ ሥጋዌ ብዝምልከት፡ ሓደ ሓድሽ ምግላጽ ይምህር ነበረ። ብመሠረት ንስጥሮሳዊ ትምህርቲ፡ ክርስቶስ ክልተ ባሕርይ እዩ ዘለዎ። እቲ ሓደ፡ ሰማያውን ልዕሊ ዓቕሚ ሰብ ዝኾነን ባሕርይ፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ኩሉ እቲ ኣብ ባሕርያት ሥጋ ዚርኣ፡ ዜንጸባርቕ፡ ምድራዊ ባሕርይ እዩ። እቲ ሰማያዊ ክርስቶስ፡ ኪሳቐ ወይ ኪመውት ኣይክእልን እዩ፡ እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ተሳቒዩን ሞይቱን፡ ዝብል ትምህርቲ ድማ ነበረ።

ኣባ ቄርሎስ ቀዳማዊ መበል 24 ጳጳስ ዘእስንክንድርያ፡ "እቲ ተባዕኣንበሳ" "እቲ ድሙቕ መብራህቲ" "እቲ ዓቢ" ብፍላይ ድማ "እቲ ዓምደ እምነት" ኢልና እንጠቕሶ ኣቦ እዩ። ንእምነቱ ዝነበሮ ብርቱዕ ቅንኢ፡ እቲ ንምሕላው እምነት ኢሉ ዝጸሓፎ ሓያሎ ጽሑፋትን ድማ፡ ነዚ ነገር እዚ ብቑዕ ይገብሮ። ኣባ ቄርሎስ፡ ንመሪሕነት ቤተክርስቲያን ክምረጽ ከሎ፡ ወዲ 36 ዓመት ኣቢሉ ነበረ። ኣዒንቱ ትኩራት፡ ቃላቱ ብጥንቃቐ ዚመርጽን፡ ናብ ውሽጢ ዝኣቱ ቀሊል፡ ዝርድኣካ ጌሩ ናይ ምዝራብ ክእለት ዝነበሮን ድማ ነበረ።

ኣባ ቄርሎስ ንምህሮ ንስጥሮስ ኣይተቐበሎን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሰሚዑ ስቕ ክብል'ውን ኣይከኣለን። ኣብተን ደብዳቤታቱ፡ ናብተን ናቱን ናይ ካልኦትን ኣብያተ ክርስቲያን፡ ኦርቶዶክሳዊ ትምህርቲ ዝሓዙ መጻሕፍቲ ጸሓፈ። ዘይነጸጸል ሓድነትን፡ ውህደትን ዘሎዎ ክርስቶስ እምበር፡ ክልተ ባሕርይ ተባሂሉ ዝፈላለ ከም ዘይኮነ፡ ካብ ምህሮ ኣቦታት ንቅያ እናጠቐሰ፡ እቲ ቅኑዕ ትምህርቲ መሃረ። ኣባ ቄርሎስ፡ ንመብርሂ ኢሉ ዝጥቀመሉ ዝነበረ መረዳእታ፡ ኣብ ዝጐሃረ ሓዊ ዝረሰነ ሓጺን እዩ። እቲ ሓጺን፡ ንባዕሉ ሓዊ ክሳዕ ዝመስል ምስ ጐሃረ፡ ነቲ ሓውን ነቲ ሓጺንን ፈላሊኻ ከተቕርቦም ዝከኣል ከም ዘይኮነ ብምሳሌ የረድእ ነበረ። ብዘይ ምትሕውዋስ፡ ብዘይ ናይ ባሕርይ ለውጢ ግና ፍጹም ኅብረት ዝገበሩ እዮም። ኪመቕሎም ይኹን ክፈልዮም ዝኽእል ማንም የለን። ሥጋዌ ወዲ ኣምላኽ ድማ ከምኡ እዩ ብምባል ኣብርሀ።

## ንድንግል ዝተዋህበ ስም

ብንስጥሮስ ዝቐረበ እሞ ኣባ ቄርሎስ ድማ ኣበርቲዑ ዝተቓወሞ ተወሳኺ ነጥቢ፡ ብዛዕባ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዚምልከት እዩ። ኦርቶዶክሳውያን "ቲኦቶኮስ" ወይ "ጸዋሪት ኣምላኽ" ኢሎም ይሰምይዋ ነበሩ። ንስጥሮስ ከኣ ነዚ ሓሳብ እዚ ተቓወሞ፡ ቄርሎስ ድማ "ኣነ ኣዝዩ እዩ ዝገርመኒ" ብምባል ኣብ ሓደ ኣብ ደብዳቤታቱ ጸሓፈ። "ንታ ቅድስቲ ድንግል፡ ገለ ሰባት "ቲኦቶኮስ" ክብልዋ ዘይደፍሩ ምኽንዮም እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣምላኽ እንተኾይኑ፡ ኣዲኡ ድማ፡ ንነሓዋሩ ዝጸረቶ ኣደ ምኻና ዘዛርብ የብሉን። ሓዋርያት ኰነ ድሕሪኦም ዝሰዓቡ ኣቦታት ዘመሃሩና እዚ እዩ። እቲ ቃል፡ ካብ ቅድስቲድንግልዝተፈጥረ ማለት ዘይኮነስ፡ ከምቲ ሃዋርያ ዮሃንስ ጽሒፍዎ ዘሎ ግና "እቲ ቃል ሥጋ ኮነ።" ኣደ፡ ከም ሥጋዊት መጠን፡ ነፍሲ ውሉድ ክትፈጥር ዘይትኽእል እኳ ትኹን እምበር፡ ብሄዋን ኣቢላ ግን "ኣደ ኩሉ ህያው" ድማ እምበር፡ ኣደ እቲ ሥጋዊ ባሕርይ ጥራይ ኣይኮነትን። ብተመሳሳሊ ድማ፡ ቅድስቲ ድንግል፡ ንኹለንትናኡ ዝወለደት ስለ ዝኾነት፡ ብሓቂ ኣደ ኣምላኽ እያ፡ ብምባል ጸሓፈ።

## ጉባኤታት ኣለክሳንድርያ

ጽሑፋትን ደብዳበታትን ቄርሎስ፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ናብ ብዙሓት ክርስቲያን ተዘርግሐ። ኣብ ደብዳበታቱ፡ "ንስጥሮስ" ዝብል ስም እኳ እንተዘይጠቐሰ፡ ኣብ ቍስጥንጥንያ ብዛዕባ ዝኸውን ዝነበረ ነገር'ውን'ኳ እንተዘይጠቐሰ፡ ቍጥዐ ንስጥሮስ ግን ሰማይ ዓረገ። ስለዚ ድማ፡ ናብ መንበረ ማርቆስ ደብዳበ ጸሓፈ። መንበረ ማርቆስ ድማ፡ እቲ ጉዳይ፡ ጉዳይ ጉስነት እምበር፡ ንውልቀ ሰብ ንምጥቃዕ ከም ዘይተገብረ ዝሕብር መልሲ ሰደደሉ። "...ነቲ ብሓቂ ርእሱ ስሌና ዝሠውአ፡ ብሓይሊ ኣቦኡ እኳ ንዘልኣለም ነባሪ እንተኾነ፡ ግናኸ ብሥጋ ዝሞተ፡ ኣንጻር እዚ ኣምላኽ እዚ ክትለዓል ሥልጣን የብልካን። ንሱ፡ እቲ ኣብ የማን ኣቦ ዘሎ፡ ብመላእኽቲ ድማ ዚምለኽ እዩ" ዚብል ትሕዝቶ ዘለዎ መልእኽቲ ድማ ሰደደሉ። እቲ ዝርርብ ከምቲ ናይ ኣትናቴዎስን ኣርዮስን ዝዓይነቱ እናኾነ ከደ።

## 1ይ ጉባኤ ኣለክሳንድርያ

ቄርሎስ ካብ ንስጥሮስ ዝመጾ ዝነበረ ኣሉታዊ መልእኽትታት ምስ በዝሐ፡ ጉባኤ ክገበር ኣዘዘ። ንኹሎም ኣብ ትሕቲኡ ዝነበሩ ጳጳሳት ጸዊዑ ድማ፡ ብዛዕባ እተን ደብዳበታት ምስኦም ኮይኑ ተዘራረበ። ኣብዚ ጉባኤ እዚ፡ ንመትከለ እምነት ዘጉባኤ ኒቅያ፡ "ቀቅድሚኡ ዚንበብ" ኢሉ፡ ነዚ ዝስዕብ ክፍሊ ወሰኸሉ፡-

*"እ ኣደ ሓቀኛ ብርሃን ነኽብረኪ፡ እ ቅድስቲ ድንግል ክብሪ ንዓኺ ይኹን፡ መጺኡ ዘድኃነና ንነፍሳትና'ውን ዘድኃነን፡ መድሕን ደቂ ሰብ ዝኾነ ወሊድኪ ኢኺ። ክብሪ ንዓኻ እ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ሓበን ሓዋርያት፡ ኣኽሊል ሰማእታት፡ ሓጐስ ጻድቃን፡ ጽንዓት ኣብያተ ክርስቲያን፡ ኃዳጊ ኃጢኣት"*

ናብ ገጽ 7 ይቕጽል

# ምሕጋዝ ዶ ምውጋዝ፧!

ጥምቀት ሓደ ሕፃን ከነብዕል ኣብ ዝተኣከብናሉ'ዩ፦ "ኣብዚ ቤተክርስትያን ዘለዉ ልሙሳትን ሓንካሳትን፡ ሰብ ከይለከሙ ከለዉ፡ ኪእለዩ ኣለዎም" ዚብል ድምፂ ተሰምዐ። ምጽዋሩ ዝሰኣነት ሓንቲ ርግእ ዝበለት ኃውቲ፡ "ብዛዕባ እቲ ምእላይ'ሞ ይጽንሓልና፡ ስንክልና ኸ ይመሓላለፍ ድዩ፧" በለት። "ከምኡ ማለተይ ኣይኰነን፥ ብዛዕባ እዞም ካብ እምነት ኣቦታትና ዝወጹ'የ" ብምባል መለሰ እቲ ቀዲሙ ዝተዛረበ ኃው። "ንኣብነት ሕጂስ፡ እዞም፡ ሕፃን ከይተላጸየ ኪጥመቕ ጸገም የብሉን ዝብሉስ፡ ምስ ምንታይ ኢና ክንሓስቦም!፧ እዛ ምውጋዝ ዚብልዋ ምህላዋ ግና ብዘይ መጠን ጽቡቕቲ'ያ!" ድማ በለ፡ ደስ እናበሎ።

እታ ኃውቲ፡ ከም ሎጥ፡ ብነፍሳ እናተሳቐየት፡ ኣብ ውሽጣ ግና "ምሕረትካ ካብ ሕይወት ይበልጽ" ዚብል ቃል ከም ብርቱዕ ነጎዳ ኬድምጽ ከሎ ተሰምዓ። ቅጽበት ከኣ፡ "ምውጋዝን ምብራርን ረብሓ እንተዝህልዎ፡ ጐይታና ንኣዳም ካብ ገነት ሰጒጉ ኣብ መንበሩ ዓሪፉ ምተቐመጠ ኔሩ" በለቶ። ቀጺላ'ውን፡ ኣብ ወንጌል ማርቆስ 2፥3-5 ዘሎ ነንብቦ'ሞ፡ እስከ ብዛዕባኡ ኸኣ ሃዲእና ንመያየጥ በለት።

ነቲ ቃል ሓቢርና ነቢብናዮስ፡ ገሊኦም፡ እቲ ጽሑፍ በዅሪ እዝኖም ምንባሩ መስከሩ። እታ ኃውቲ፡ ብህድኣት ቀጸለት፦ "ንዝሓመመ ብጻይና፡ ናብቲ ፈውሲ ዅሉ ዝዀነ ጐይታና ደኣ ከነምጽኦ ይግባእ እምበር፡ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ንግዳም ምብራርሲ ኣይግድን! እዞም ኣዕሩኽ እዚ ልሙስ ዝነበረ ሰብኣይ እሞ ርኣይዎም፡ ኬቕኑኡኻ! ተሰኪሞም፡ እሞ ከኣ ናሕሲ ኣፍሪሶም እኳ'ዮም ናብ ጐይታ ኣምጺኦሞ!" በለት ዓይኒ-ዓይንና እናጠመተት። "ጐይታና ኢየሱስ ከኣ ነተን 613 ትእዛዛት ብሉይ ኪዳን፡ ኣብ ሓንቲ እዩ ጠቕሊሉ ሂቡና ዘሎ። ንሳ ኸኣ ፍቕሪ እያ" ብምባል ድማ ዘረባኣ ደምደመት።

ነቲ ዘጋጠመ፡ ደጋጊመ ሓሰብክዎ። "ከምቲ ንሱ ዝሃበና ትእዛዝ ጌርና፡ ብስም ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣምን ንሓድሕድና'ውን ክንፋቐር፡ ትእዛዙ እዚ እዩ" ዚብል ቃል፡ ዘከርኩ፡ (1ዮሓ 3፡ 23)። "ነቲ ዝረኣዮ ሓዉ ዘየፍቅሮስ፡ ነቲ ዘይረኣዮ ኣምላኽ ኬፍቅሮ ኣይከኣሎን እዩ እሞ፡ ንሓዉ እናጸልኣስ፡ ንኣምላኽ ኤፍቅሮ እየ፡ ዚብል እንተሎ፡ ንሱ ሓሳዊ እዩ። እቲ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ንሓዉ ድማ የፍቅሮ ደኣ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ እዩ ኻብኡ እተቐበልናዮ" ዚብል'ውን ቀጺለ ነበብኩ፡ (1ዮሓ 4፡ 20-21)። ርእሰይ ምፍታሽ ከም ዜድልየኒ እናስተንተንኩ ኸኣ ንገዛይ ኣምራሕኩ።

*ፈበን ጳውሎስ*

*ካብ ገጽ 6 ዝቕጸለ*

# ድሮ ጉባኤ ኤፌሶን

ቄርሎስ፡ ብዘይካ'ዚ ናብ ጳጳስ ዘኣንጾክያ፡ ጳጳስ ዘኢየሩሳሌም፡ ጳጳስ ዘሮም፡ ጳጳስ ዘኣሌፖ፡ ናብ ሓጸይን ንግሥትን'ውን መልእኽትታት ጸሓፈ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ድማ፡ ጉባኤ ኣለክሳንድርያ ገበረ።

**2ይ ጉባኤ ኣለክሳንድርያ**

ግጉይ ትምህርቲ ንስጥሮስ ንምእራም ዓሊሙ ዝተገብረ ኣኼባ ኰይኑ፡ ተጋባእቲ፡ ከምዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ናብ ንስጥሮስ ሰደዱ።

"ኣብ እምነት ኣቦታትና ብምጽናዕ፡ እቲ ፍሉይ ቃል እግዚኣብሔር፡ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ኰነ። ንሱ ንሥጋኡ ባዕሉ ገበሮ፡ ብፍቓዱ፡ ንድሌት ሰብ ተገዝአ፡ መንነቱ ከይለወጠ፡ ከም ዘለዎ'ውን ኣብቲ ሥጋ ኰይኑ፡ ማለት ኣማናዊ ኣምላኽ፡ ካብ ማህጸን ድንግል ሕፃን ኰይኑ ተወልደ። እቲ ሥጋ ናብ ኣምላኽነት ኣይተለወጠን፡ እቲ ኣምላኻዊ ባሕርይ'ውን ናብ ሥጋ ኣይተለወጠን። ግን ከኣ ሕፃን ኰነ። ኣብ ማሕፀን ኣዲኡ ከሎ'ውን፡ እቲ ቓል፡ ንምሉእ ዓለም ዝመልእ ነበረ። ምስ ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ኰይኑ ይገዝእ ነበረ። ኣምላኽነት ወሰን የብሉን እሞ፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ነበረ። እቲ ቃል ምስ ሥጋ ተዋሓደ። ንሕና ብሓደ ወልድን ጐይታን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን፡ ነቲ ኣምላኽ ካብ ሰብ ኣይንፈልዮን፡ ብፍሉይ ውሕደትን ኃይልን ዝተወሓሓደ እዩ ኢልና'ውን ኣይንኣምንን። እዚ፡ ነቲ ዝጸንሐ እምነት፡ ጋሻ ዝዀነ ሓሳብ እዩ።

"ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ቈሎሴ 2:9 ዝበሎ፡ 'ኣብ ክርስቶስ ኩሉ ምልኣት መለኮት ብምልኣት ሓዲሩ ኣሎ'። ኣምላኽ፡ ከምቲ ኣብ ቅዱሳኑ ዝሓድር፡ ከምኡ ጌሩ ኣብ ክርስቶስ ሓዲሩ፡ ንምባል ኣይኰነን። ኣምላኽን ሰብን ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ሓደ ኰይኖም ተረኺቡ ንምባል እዩ። ከምቲ ውህደት ሥጋን ነፍስን ማለት ድማ እዩ። ስለዚ እምበኣር፡ ሓደ ክርስቶስ፡ ሓደ ወልድ፡ ሓደ ጐይታ ኣሎ።"

እቶም ነዛ መልእኽቲ እዚኣ ኬብጽሑ ዝተላእኩ፡ ካልኦት ናይ ቄርሎስ ደብዳበታት'ውን ሒዞም ናብ ካህናት፡ ናብ ዲያቆናት፡ ናብ ህዝቢ ቊስጥንጥንያ፡ ከምኡ'ውን ኣብታ ከተማ ንዝርከቡ መነኰሳት፡ ኣብጽሑ። ንስጥሮስ ግና ምስ ሓጸይ ቴዎዳስዮስ ኰይኑ ንኣባ ቄርሎስ ተቓወሞ።

*ኣብ ዚስዕብ ኅታም ይቕጽል*

# ምምኻር ካብ ወላዲተይ እየ ተማሂረዮ

*ብመንነትኪ ክንጅምር፧ ሳባ ብርሃነ መንያ፧*

ኣብ ኣመሪካ ሓንቲ ስድራ፡ ብሓደ ስድራ ቤታዊ ስም ስለ እንጽዋዕ፡ ሳባ ብርሃነ እብሃል። ወላድየይ ኣቶ ጥላሁን ገብሩ፡ ወላዲተይ ድማ ወሮ መኣዛ ሃብተሚካኤል ይብሃሉ። ጓል እግዚኣብሔር፡ ኣብ ደብረ ሰላም መድኃኔ ዓለም እትግልገል ኣማኒት፡ ምስ ኣቶ ተኽለ ብርሃነ ዚብሃል ብዓል ቤተይ፡ ኣደ ሠለስተ ግሩማት ዝኾኑ ቈልዑ፡ ን35 ዓመታት ኣብ ሓዳር ዘላን፡ ኃውቲ ኃሙሽተ ኣሕዋትን ድማ እየ። ብሞያ ክንዛረብ እንተኾይኑ ድማ፡ ንልዕሊ 20 ዓመታት፡ ሙኵርቲ ተቈጻጻሪት ሕሳብ/ ምኵርቲ መርማሪት ዝተፈላለዩ ፋይናንሳዊ ትካላት ኰይነ ዝሰራሕኩ፡ ኣብዚ እዋንዚ ኸኣ ኣብ ኣገልግሎት ምኽሪ ንወለድን ሕፃናትን እትነጥፍ፡ Optimal Serenity Coaching and Personal Development LLC for Parents and Children እትብሃል፡ ኣብ ዕብየት እትርከብ ንእሽቶ ትካል እውንን።

***ካብ ስነ-ሕሳብ ናብ ስነ ምምኻር ክትዛዝዊ ዝገበርኪ እንታይ እዩ፧***

ካብ ቍልዕነተይ ኣትሒዘ ኣብ ዓውዲ ስነ ልቦና እግደስ ኔረ'የ። ብካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ዝውነን ልደታ ኣብ ዝብሃል ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ፡ ኣብኡ መምህረይ ዝነበረት መምህር ሓደራ እትብሃል፡ ኣብ ስነ ፍልጠት ፍቕሪ ንኽሓድረኒ ጸልያትኒ ክትከውን ኣለዋ። ተመሃሪት ሻብዓይ ክፍሊ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ሽክና ዘጠቓለለ ዓጽሚ በጊዕ ሒዝና ክንመጽእ ዕዮ ክትህበና ከላ እዝክር። እቲ ዕማም ዘፍርሕ'ኳ እንተነበረ፡ ግናኸ ሓሳባት ዘመንጩ'ዩ ዝነበረ። ሽው ዝነበረኒ ባህጊ ብስነ ልቦና፡ ቍጽሪ፡ ስነ ሕንጻ ክውድእ ዝብል'ዩ። ሻምናይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ ግና፡ ኣቦይ ዓሪፉ፡ ስለዚ ድማ ንወላዲተይ ምእንቲ ክሕግዛ ተባሂሉ፡ ትምህርተይ ኣብ ካቶሊካዊ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ቅድስት ማርያም ስነ ንግዲ ክቕጽል፡ ገዛና ኣብኡ ኣመዝጊበሙኒ። ካብ ሽው ኣትሒዘ፡ ባህግን ሓሳብን ዓውዲ ስነ ልቦና ኣብ ኣእምሮይ ጽቡቕ ቦታ ሓዘ። ስለዚ ድማ ደቀይ ትምህርቲ ኮሌጅ ምስ ዘዘሙ፡ ባህገይ ንምጭባጥ በቲ ዓውዲ ክቕጽል ምኺነይ ወትሩ እፈልጥ ኔረ።

ብተወሳኺ ካብ ቍልዕነተይ ኣትሒዘ፡ ምስ ገዛእ ርእስኻ ምዕላል (ኣስተንትኖ)፡ ጸሎት፡ ብዛዕባ ኣብ ዝቕጽል ሓሙሽተ ዓመታት ክገብሮም ዘለኒ መደብ ምውጻእ እፈቱ ኔረ። ሓሳባት ምስልሳልን መደባት ምውጻእን ብኸመይ ከም ዘማዕበልክዎ'ኳ ርግጸኛ እንተዘይኰንኩ ንኣይ ግና ባህርያዊ ነገር እዩ።

እቲ ቐንዲ ካብ ስነ ሕሳብ ናብ ስነ ምምኻር ክቕይር ዝደፍኣኒ ግና፡ ኣብ ምዕባይ ህዱኣት፡ ቅዱስ ቅንኢ ዘሎዎምን ዕዉታትን ሕፃናት፡ ኣገዳስነት ምህናጽን ምርዳእን መሰረታዊ ስነ ልቦና ዕዙዝ ምዃኑ ምስ ኣስተብሃልኩ እዩ። እታ ፍርሓት እግዚኣብሔር ዝነበራ ኣደይ፡ ሕጋዊት ኣማኻሪት ኣይኰነትን፧ ግናኸ ናይ ምምኻር ውህበት ኣሎዋ። ካብኣ፡ ካብቲ ንኣይን ነቶም ሓሙሽተ ኣሕዋተይን ኣብ ምዕባይ ዝገበረቶ ኣተሓሕዛ፡ ብዙሳ ተማሂረ። ኣብ ኣመሪካ ድማ፡ ብፍላይ እቶም ብስደት ዝመጹ ወለዲ፡ ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ዘጋጥሞም ብድሆታት ከም ዘሎ ተዓዚበ። ስለዚ ድማ እቶም ሠለስተ ደቀይ፡ ርእሶም ምስ ከኣሉ፡ ነቶም ከምዚ ዓይነት ብድሆታት ዘጋጥሞም ወለዲ፡ ብኸመይ ክሕግዞም እኽእል ዝብል ክሓስብ ጀሚረ።

በዚ መሠረት፡ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ኣብ ዓመተ 2008 ስርሐይ እናሰራሕኩን ደቀይ እናዕበኹን፡ ኣተኣላልያ ሕይወት ኣብ ዝምህሩ ኣብያተ ትምህርቲ ክሳተፍ ጀሚረ፡ ሓያሎ ምስክራት ወረቐት ድማ ተቐቢለ። እቲ ካልኣይ ስጉምቲ ኸኣ፡ ሓንቲ ግብጻዊት መሓዛይ ኣብ ቴክሳስ ናብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ስነ ምምኻር፡ መሰነይታ ክጽሕፈላ ምስ ሓተተትኒ፡ ዝመጸ ሓሳብ'ዩ። ኣምላኽ እንተፈቒዱስ፡ ኣነ'ውን ኣብኡ ክምሃር'የ ዝብል ክቱር ባህጊ ድማ ሓዲሩኒ። ድሕሪ ሓያሎ ዓመታት፡ ዲያቆን ፕሮፌሰር ብርሃነ ስዩምን፡ ቀሺ ዶክተር ተስፎምን ንበዓል ቤተይ፡ ኣነን ወደይን ን 4 ዓመታት ኣብ ዝወሃብ ትምህርቲ ስነ መለኮት ክንሳተፍ፡ ኣተባብዑና። በዓል ቤተይ ሽው ንሽው ተመዝጊቡ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ትምህርቲ ድማ ኣዝዩ ስለ ዝተሓጉሰ፡ ኣነ'ውን ክኃብር ከም ዘለኒ ደፋፊኡኒ። ባህገይ፡ ክርስቲያናዊ ስነ ምምኻር ዚብል ስለ ዝነበረ፡ ኣብቲ ናይ 2 ዓመት ናይ ቤተ ሰብ ኣገልግሎት ዚብል ኃቢረ፡ ከም ኣማኻሪት ብዘይ መዓርግ (Lay-person counselor) ኰይነ ድማ ተመሪቐ። ኣብቲ ምዱብ ጊዜኡ ኣምላኽ ናብቲ ባህገይ ዝኾነ ዓውዲ ስለ ዘቕረበኒ፡ ከምኡ ኸኣ ስለቲ ንኣይን ንስድራይን ዝገበሮ ምስጋና ይኹኖ።

***ኣብዞም ኣብ ስደት እንርከብ ተዛረብቲ ትግርኛ ብሓፈሻ፡ ኣብ ስድራ ቤት ብብዝሒ ዝርአዩ ጸገማት እንታይ እዮም፧***

ወለዲ፡ ንደቆም ከምታ ዝዓበይዋ ጌሮም ኬዕብዩ ኪብሉ፡ ገዛእ ርእሶም ንጸብጻባት ቤት ጽሕፈት ማኅበራዊ ጉዳያት የቃልዑ ምህላዎም ዘይምፍላጥ፡ ሓደ ካብቲ ርኡይ ጸገማት እዩ። ተሰዲዶም ዝመጹ ወለዲ፡ ደቆም ከም ዘፍቅሩን ዝከኣሎም ጽዒሮም ከኣ ኬዕብይዎም ከም ዝፍትኑን ርዱእ ኰይኑ፡ እንሓንሳእ ግና፡ ማኅበራዊ ክብርታት ናይታ ዝነብሩላ ዘለዉ ሓዳስ ሃገር ብዘይምርዳእ፡ ርክብ ወላድን ውሉድን፡ ተነቃፊ ኰይኑ ይርከብ። ካልእ ድማ፡ ሕቶ ቋንቋን ውጽኢታዊ ዝኾነ ምርድዳእ ክትገብር ዘይምኽኣልን፡ ከምኡ ኸኣ ቅዲ ኣተዓባብያን'ውን ከም ጸገም ክጥቀስ ዝከኣል እዩ።

***ምዕቃብ ባህልን፡ ምስ ባህሊ እቲ ዘለኻዮ ሃገር ተሳኒኻ ምኻድን፡ ብኸመይ ከነሰማምዖም ንኽእል፧***

ብቐዳምነት፡ ኣካል እታ ዘለኻያ ሓዳስ ሃገር ኰይኑ ኪስምዓካ ምእንቲ ክኽእል፡ ነቲ ኣቲኻዮ ዘለኻ ሓድሽ መንነት፡ ክትቅበሎ የድሊ። ቋንቋ ክትመልኽ፡ ባህሊ፡ ክብርታት፡ ስርዓት እምነት ወዘተ እቲ ዘለኻዮ ኅብረተሰብ ምእንቲ ክትርድኦ ድማ፡ ምስቲ ሕዝቢ ክትዋሳእን ኣብ ንጥፈታት ክትሳተፍን ይግባእ። ከምዚ ብምግባር፡ እግሪ መገድኻ ኣብ ሓደ መስርሕ ምልምማድ ስለ እትኣቱ፡ ካብቲ እትቕስሞን እትለማመዶን ዘለኻ ድማ፡ ነቲ ጽቡቕ ኰይኑ ዝረኸብካዮ ክትመርጽ ይሕግዘካ እዩ።

***ኣብ ስደት እንርከብ ወለዲ፡ ምስ ደቅና ከመይ ዝበለ ርክብ'ዩ ክህልወና ዝግባእ፧***

ወለድን ውሉድን ጥቡቕ ርክብ'ዩ ክህልዎም ዝግባእ። ምስ ደቅኻ ጥቡቕ ዝምድና ምፍጣር፡ ምስ ደቅኻ ጥራይ ዘይኰነስ ምስ ዝኾነ ሰብ'ውን ጥቡቕ ዝምድና

ናብ ገጽ 11 ይቕጽል



ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን፡ ለካቲት ፳፻፲፬ February 2022 መበል 67 ዓመት ቁ 513

# “ጐይታ ጸሎት መሃረና”

ኣብ ዝሓለፈ ኅታም፡ ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ ዓሰርተው ሾብዓተ፡ ጐይታና ናብ ኣቦኡ ብኸመይን፡ እንታይን ኢሉ ከም ዝጸለየ ርኢና ኔርና። እቲ ምዕራፍ ክጅምር ከሎ፡ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፡ ”ኦ ኣቦ” ብምባል ከም ዝጸለየ፡ ኣብኡ ተገሊጹ’ሎ። ጐይታና፡ ብግብርን ብቓልን ኣርኣያ ዚኸውን ዓብዩ መምህር ስለ ዝኾነ፡ ከመይ ጌርና ክንጽሊ ከም ዘለና’ውን ነጊሩና’ዩ። ኣብዚ ሎሚ ክንምሃሮ ተደልዩ ዘሎ ሓሳብ ድማ፡ ጐይታና ንደቀ መዛሙርቱ ጸሎት ንኽምህሮም ዝደረኾ እንታይ ምንባሩ እዩ።

ወንጌላዊ ሉቃስ መዝገ-ብዎ ከም ዘሎ፡ ንጐይታና ኢየሱስ “ጸሎት መሃረና” ኢሉ ዝሓተተ፡ ሓደ ካብቶም ደቂ መዛሙርቲ እዩ። “ኢየሱስ ኣብ ሓንቲ ስፍራ ኺጽሊ ጸኒሑ ምስ ወድአ፥ ሓደ ኻብ ደቀ መዛሙርቱ፥ ’ጐይታይ፥ ከምቲ ዮሓንስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝመሃሮም ጸሎት ምሃረና’ በሎ። ንሱ ኸኣ በሎም፡- ክትጽልዩ ኸሎኹም ኸምዚ በሉ፥ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፥ ስምካ ይቀደስ፥ መንግሥትኻ ትምጻእ፥ ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት እንጌራና ኣብ ጸጽባሕ ሃበና። ንሕና ንዝበደሉና ኹሎም ይቕረ ንብል ኢና እሞ፡ ኃጢኣትና ይቕረ በለልና፥ ካብ ክፉእ ኣድኅነና እምበር ናብ ፈተና ኣይተእትወና” (ሉቃስ 11፡1-4)።

እዚ ቅዱስ ቃል ከም ዘረድኣና ዘሎ ጐይታና ኢየሱስ ክጽሊ’ዩ ጸኒሑ። ሓደ ካብቶም ደቂ መዛሙርቲ ድማ ክሳዕ ዝውድእ ክከታተሎ ግዲ ጸኒሑ ምስ ወድአ፡ ‘ጐይታይ ጸሎት መሃረና’ ብምባል ጸልዩ። ጸሎት ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ ምኳኑ ኣብ ዝሓለፈ ገሊጽናዮ ኔርና ኢና። ”ጐይታይ ጸሎት ምሃረና” ኢልካ ንጐይታ ምሕታት ድማ፡ ንባዕሉ ጸሎት እዩ። እቲ ወደ መዝሙር፡ ጸሎት ማለት ድልየታት ውሽጣዊ ሰብኣ ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ ማለት ምኳኑ ዝተረድኦ ኣይመስለን። ንጐይታ ክጽሊ ስለ ዝርኣዮ ጥራይ’ውን ኣይኮነን ጸሎት ኪመሃር ዚደሊ ዘሎ። ኣብ ኣዘራርባኡ፡ ጐይታይ ከምቲ እትገብሮ ዘለኻ ጌርና ክንጽሊ፡ ጸሎት መሃረና ኣይበለን። ካብ ኣፉ ከም ዚስማዕ ዘሎ፡ እንታይ ዚብል ጸሎት ከም ዝመሃሮም ደኣ ኣይፈለጥናን እምበር፡ ዮሓንስ መጥምቕ፡ ንደቂ መዛሙርቱ ጸሎት ምሂርዎም እዩ። ስለዚ፡ እንተስ ብርድኢት እንተስ ብስምዒታዊ ድፍኢት፡ ከምቲ ዮሓንስ ንደቀ መዛሙርቱ ጸሎት ዝመሃሮም፡ ንስኻ ድማ ንኣና ደቂ መዛሙርትኻ ጸሎት ምሃረና እዩ ዝብል ዘሎ። እዚ ብልህታት ዝሓትዎ ሕቶ ብምሕታቱ ድማ፡ ክሳዕ እዛ ዕለተ ሎሚ፡ ምስ ኣምላኽና



እንዛራረበሉ ኣፍ ደገ ጸሎት ንክኸፈተልና ምኽንያት ዝኾነ ሰብ እዩ።

ንተመሃሮ፡- ጸሎት ምምሃር ቅድሚ ክርስትና ከም ዝጀመረ፡ ካብዚ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ዮሓንስ ንደቀ መዛምርቱ ጸሎት ምሂርዎም እዩ። እቲ ጸሎት እንታይ ይብል ከም ዝነበረ ምፍላጥ፡ ንኣና ሓጋዚ ስለ ዘይኮነ፡ ምጽሓፍ ኣየድለዮን። ንሕና ደቂ መዛምርቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና። እወ፡ ደጊምና ነስምረሉ፡ ንሕና ደቂ መዛሙርቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና! ጸሎት ድማ ካብኡ ኢና ክንመሃር ዘለና።

“ጐይታ ጸሎት መሃረና” ኢልና እንተ ለምንና፡ መኽሰብ እምበር ክሳራ የብሉን። ጐይታ ዚህበና መልሲ ግና እቲ ነቲ መንእሰይ ዝመለሰሉ ውዱእ መልሲ እዩ። ምኽንያቱ ከም ሰባት ዝቀያየር ሓሳብን ፍቓድን የብሉን። ክርስቶስ፡ ትማልን ሎምን ንዘለኣለም ንሱ እዩ፡ ክብሪ ንስሙ ይኹን! ንስኻትኩምሲ ክትጽልዩ ከለኹም ከምዚ ደኣ በሉ፡- ”ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡”

ጸሎት ካብ መን ኢኹም ክትመሃርዎ እትደልዩ፧ እንታይ ኢልኩም ከም እትጽልዩስ ትፈልጡ’ዶ፧ እዚ፡ መልሲ ናይ ጸሎተይ እዩ፡ እትብልዎ ጭቡጥ ነገር እንታይ ምጠቓስኩም፧ እንታይ ኢልና ከም ንጽሊ ይኹን ከመይ ኢልና ክንጽሊ ከም ዘለና፡ ገለ እኳ ኣይንፈልጥን ኢና። እቲ ብርሃን ዝኾነ ጐይታ ግና፡ ከምዚ ከማና ሰብ ኰይኑ ንኹሉ ኣብሪሁልና’ዩ! ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ “ከመይ ጌርና ኽንጽሊ ከም ዚግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና፥ ግና እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚጽልየልና” ብምባል ይዛረብ፡(ሮማ 8፡26)። ከመይ ጌረ ክጽሊ ቅድሚ ምባል፡ እንታይ ኢለ እየ ክጽሊ ዝብል ሕቶ ምምላስ ይቕድም። “ጐይታይ ጸሎት ምሃረና” ዝብል ሕቶ ስለ ዝተመለሰ፡ ሕጂ እቲ ቀንድን ኣገዳስን፡ እቲ ብጐይታ ዝተዋህበ መልሲ እዩ።

ጐይታና፡ ክንጽልየሎም ዘለና ሓያሎ ነጥብታት እዩ ጠቒሱ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ካልእ ስፍራ መጽሓፍ ድማ፡ ጐይታና ነቶም ጓሳ ከም ዘይብለን ኣባጊዕ ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ሕዝቢ ምስ ረኣየ፡ ብርኅራኄ ተመሊኡ፡ ንሕና እቶም ደቂ መዛሙርቲ ጐይታ ዝኾንና ክንጽልዮ ዝሃበና ኣርእስቲ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ወንጌላዊ ማቴዎስ፡ ከምዚ ብምባል ጽሒፍዎ ኣሎ፡- “ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረኣየ፥ ጓሳ ከም ዘይብለን ኣባጊዕ፥ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ ራኅርኃሎም። ሽዑ ንደቂ መዛሙርቱ “እቲ እኽሊ ብዙኅ እዩ፥ ዓየይቲ ግና ውሑዳት እዮም። ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኺልእከሉ ለምንዎ” በሎም (ማቴ 9፡36)።

ኣብ ምሉእ ዓለም ፋሕ ኢልና ተበቲንና ምህላውና፡ ንመን ከነዘንትወሉ፧! ንስኻ ኣበይ ኳንካ ኢኻ ነዚ

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል

# ቃለ እግዚኣብሔር ከም ብርሃን

*ዲያቆን ዳንኤል ፍስሓጽዮን*



ብርሃን፡ ከምቲ ንሥጋዊ ህላዌና ኣገዳሲ ዝኾነ፡ እቲ ብርሃናዊ ባሕርይ ዘለዎ ቃል እግዚኣብሔር ድማ፡ ንመንፈሳዊ ህላዌና ኣገዳሲ እዩ። ቅዱስ ዳዊት፡ "ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ብርሃን'ዩ" በለ፡ (መዝ119.105)። ኣስዕብ ኣቢሉ ድማ፡ "ምኽፋት ቃልካ የብርህ፣ ንገርሀታት ኣእምሮ ይህብ" (መዝ 119.130) እናበለ ቃል እግዚኣብሔር ዜንብበሉ እዋን፡ ናይ ነፍስን ኣእምሮን ብርሃን ይረክብ ምንባሩ ይምስክር። እቲ ንጹሕ ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር፡ ንኣዒንቱ ማለት ንመንፈሳዊ ኣመላኽታኡ፡ የብርሃሉን የቐንዓሉን ነበረ። ስለዚ ኸኣ፡ "ስርዓት እግዚኣብሔር ቅኑዕ'ዩ፣ ንልቢ የሐጉሶ፣ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንጹሕ'ዩ፣ ነዒንተ የብርሀን" ብምባል'ውን መስከረ፡ (መዝ19.18)።

ንሓደ ሕያው ፍጡር ካብ ዜድልዮ መሰረታውያንን ወሰንትን ነገራት ሓደ፡ ብርሃን'ዩ። ኣብ ህላውነት ኣትክልቲ ኾነ እንስሳታት ዘለዎ ግደ ድማ ኣዝዩ ዓብዪ'ዩ። ብዘይ ብርሃን ፀሓይ፡ ኪነብርን ኪፈርይን ዚኽእል ተኽሊ የለቦን። ኣትክልቲ እንተ ዘየለዉ ኸኣ፡ ሰብን እንስሳስን ኪህልዉ ኣይክእሉን'ዮም። ዋላ እቶምኣትክልቲዘይምገቡ (በላዕቲ ስጋ ጥራይ ዝኾኑ) እንስሳታት'ውን፡ ምግቦም ዚኾንዎም እቶም በላዕቲ ኣትክልቲ ዝኾኑ እንስሳታት'ዮም። ስለ'ዚ ኢና "ብርሃን የለን ማለት ህይወት የለን ማለት'ዩ" እንብል። ቀጥታዊ ጸርጊ ፀሓይን ብርሃንን ኣብ ሰብነት እንስሳ ኾነ ሰብ ዘይዓልብ እንተ ኾይኑ'ውን ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ሞት'ዩ ዜስዕብ።

እቲ ኻብ ኣቦኡ ብዙሕ ዝተማህረ፡ ካብ እግዚኣ -ብሔር ከኣ ኣዝዩ ዓብዪ ጥበብ ዝተገልጸሉ ንጉሥ ሰሎሞን'ውን፦ "ካብ'ታ እክይቲ ሰበይቲ፡ ካብ'ታ ልዙብ ዝመልሓሳ ኣመንዝራ ኪባልሃካስ፡ ትእዛዝ መብራህቲ'ዩ፡ ሕጊ ኸኣ ብርሃን'ዩ፡ ተግሳጽ ትምህርቲ ድማ መገዲ ህይወት'ዩ'ሞ፡ እንተ ኸድካ፡ ይመርሓካ፡ በጥ እንተ በልካ፡ ይሕልወካ፡ እንተ ነቓሕካ ድማ፡ የዛርበካ" ብምባል መስከረ (ምሳ 6.21-24)።

እግዚኣብሔር ብባህርዩ ብርሃን ስለ ዝኾነ፡ እቲ ኻብኡ ዚወጽእ ቃል ድማ ብርሃን'ዩ። እግዚኣብሔር ወልድ፡ ሰብ ኰይኑ ኸይተወልደ ኸሎ፡ ብርሃን ነበረ። እቲ ቓል ስጋ ምስ ኮነ ድማ፡ እቲ ብርሃናዊ ባህርዩ ስለ ዘይሓደገ፡ "ኣነ ብርሃን ዓለም'የ" ኢሉ ይእመን ነበረ (ዮሃ8.12)።

ክርስቶስ ንዓለም በቲ ዝሰበኾ ወንጌል'ዩ ብርሃና ዝኾነ። ቃል ኣምላኽ ዘሎዎ፡ ብርሃን ስለ ዘሎዎ ኸኣ፡ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ'ውን ነቲ ዝተዋህበና ቃል እግዚኣብሔር፡ ኣብ ስፍራ ጸልማት ከም ዜብርህ መብራህቲ ጌርና እንተ ተቐበልናዮን እንተ ተጠቐምናሉን፡ ሠናይ ግብሪ ምዃኑ ኣብ መልእኽቱ ኣነጺሩልና ኣሎ (2ጴጥ 1.19)። እቲ ኸም ብርሃን ገይሩ ዘይተቐበሎ ግን ንፍርዲ ዝኾኖ እኪይ ሓጢኣት ከም ዝፈጸመ ኺርዳእ ይግባእ።

**ቃል እግዚኣብሔር፡ ብኸመይ'ዩ ብርሃን ዚኾነልና፧**

ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ፡ እዚ ብዓይኒ ስጋና እንርእዮ ናይ ፀሓይ ወይ ናይ ኤሌክትሪክ ብርሃን ዚህበና ኣገልግሎት ክንሓስበ ሓጋዚ'ዩ። ኣዒንትና ብርሃን እንተ ረኺበን ኣይንዕንቀፍን፡ መኣዝን ጉዕዞና ኣይንስሕትን፡ ምስ ነገራት፡ ምስ ሰባት ድማ ብኣካል ኣይንጋጨውን፡ ጸልማት ዚፈጥሮ ፍርሃትን ጭንቀትን ድማ ይጠፍኣልና።

ቃል እግዚኣብሔር ድማ ንነፍስና ኸምኡ'ዩ ዜገልግላ። ብሓጢኣት ከይንዕንቀፍ፡ ካብ'ቲ ናብ ኣምላኽ ዜብጽሓና ሰማያዊ ጉዕዞ ኸይንስሕትን ምስ ሰባት ይኹን ምስ ኣምላኽ ዜጋጭወና ኣተሓሳስባታት ከነወግድን፡ ንልብና ድማ ብሰላም ኣምላኽ ካብ ፍርሃትን ጭንቀትን ክንሕልውን ይረድኣና። ንጉሥ ዳዊት ኣብ ልዕሊ ሰይቲ-ሰብኣይ ዝኾነት ባትሴባ፡ ጾታዊ ዓመጽ፡ ኣብ ልዕሊ ብዓል ኪዳና ኡርያ ድማ ናይ ሞት ገበን ፈጺሙ ኸነሱ፡ ኣብ ጸልማት ስለ ዝወደቐ፡ ክብደት ሓጢኣቱ ተሰዊርዎ ነበረ። እቲ ኻብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ ነብዩ ናታን መጺኡ፡ ቃል እግዚኣብሔር ብዜገርም ምስላ ገይሩ ምስ ኣብርሃሉ ግና፡ ንወለዶታት ክሳዕ ምጽኣት ዜገልግል ኣብነታዊ ንስሓ ተነሲሑ፡ ገዛእ ርእሱ ኣድሒኑ ንእምላኹ ኣኽበረ (መዝ 51)።

**ብርሃን፡ ተወራሲ ባሕርይ ኣሎዎ**

ከምቲ እግዚኣብሔርን ቃሉን ብርሃን ዝኾነ፡ እቲ ብቓል እግዚኣብሔር ዚምራሕ ክርስትያን ድማ "ብርሃን ኪኸውን ይኽእል'ዩ" ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብርሃን ኪኸውን ግድነታዊ ረቛሒ'ዩ (ዮሃ 8፡12)። ብርሃን ምዃንና ድማ፡ ብግብራዊ ኣካይዳናን፡ ቃልወንጌልንዘይበጽሖም ሰባት ብምስባኽን'ዩ ዚገሃድ (ማቴ5.16)። ስለ'ዚ ንርእስና ብብርሃን ቃሉ ብምምልላስ፡ ነቲ እነገልግሎ ህዝቢ ድማ ብምስትምሃር ብርሃኑ ኽንከውን፡ ተኻፈልቲ ናይ'ቲ መለኮታዊ ባህርዩ ድማ ኽንከውን ጽውዓና'ዩ። ምኽንያቱ፦ "በዘቦቱ ነሐዩ ወነዐቢ ወንከብር በተስፋሁ እንተ ጸገወነ ከመ በእንተ ዝንቱ ትኩኑ ሱቱፋነ ለመለኮተ ዚአሁ እንዘ ትጐይይዋ ለፍትወተ ሙስናሁ ለዝንቱ ዓለም" ከም ዝበለ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ፡ "በዚ እታ ኽብርትን ዓባይን ተስፋ ረኺብና። ንስኻትኩም ድማ፡ ካብ'ቲ ንዓለም ኣበላሽይዋ ዘሎ ትምኒት ሥጋ ወጺእኩም ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባሕርዩ ኹንኩም፡" (1ጴጥ1.4) እዩ ዚብለና'ሞ፡ ነዚ ኽቡር ጽውዓና ነኽብሮ።

# ግብዝና

*ካብ ገጽ 4 ዝቐጸለ*

ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩምን፡” (ኤፌ 2፡ 1-20)።

ለ. ሙሴ ሕጊ ከም ዝሃቦም ይኣምኑ ነበሩ ዮሃ 5፡ 30-47

እቲ ናይ ምምሃርን ምፍላጥን ሕጊ እግዚኣብሔር ንበይኖም ይመስሎም ነበረ። ኣብ ብሉይ ኪዳን እቶም ካህናትን ጸሓፍትን ነቲ ሕጊ ነቲ ሕዝቢ ክምህርዎ ይእዘዙ ነይሮም እዮም። ንበይኖም ኣብ መንበር ኮፍ ኢሎም ግና ነቲ ዘይፈልጥ ሕዝቢ ክጒይተትሉ ኣይግባእን ነበረ። ሕዝቢ ዘይምፍላጡ ነቲ ግብዝ ዓወት ነቲ ሕዝቢ ጥፍኣት እዩ። እቲ ሕጊ ሙሴ ከም ዝጥዕሞም ናብ ዝጥዕሞም ንርእሶም ከም ዝረብሕሉ ጌሮም ከሳስይዎን ኼቕርብዎን ኢሎም ትርጒማት የብዝሑ ነበሩ። “ኣቱም ግቡዛት፡ ኢሳይያስ ብዛዕባኻትኩም ጽቡቕ ተነበየ፡ ከምዚ ኢሉ፡እዚ ህዝቢ እዚ ብኸናፍሩ የኽብረኒ፡ ልቡ ግና ኻባይ ርሑቕ እዩ።ትምህርቲ ትእዛዛት ሰብ እናመሃሩ፡ ንኸንቱ የምልኹኒ።” ማቴ 15፡ 7-9

ሐ. ብግዝረት ዝተቐበልዎ ኪዳን ስለ ዝነበሮም፡ ዮሃ 12፡29-50

እቶም ፈሪሳውያን ነቲ ግብሮም ምእንቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ቅቡል ኪኾውን ደጋዊ ሥርዓትን ደጋዊ ዝኾነ ግብርን ይፍጽሙ ነበሩ። ንኣብነት ጾም፡ ምጽዋት ጸሎትን ካልእን። እዚ ደጋዊ ሥርዓት’ዚ ፈጺሙ ሰፍ ዘይብል፡ ነቲ ሕዝቢ ኣርዑት ትእዛዝ ዜኽብድ እምበር፡ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ዘይነበሮ ነበረ። ንሰብ ጾር ስለ ዘኽበድካሉ፡ ንርእሰኻ ድማ ጾር ስለ ዝወሰኽካ፡ ሚዛንካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፡ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እኳ ኣይውሰኽን እዩ። ኣምላኽ ንዝተነስሑን ካብ ሓጢኣት ንዝረሓቑን እዩ ዚቕበል። “እቲ ብውሽጢ ኣይሁዳዊ ዝኾነ ግና፡ ንሱ ኣይሁዳዊ እዩ። እታ ግዝረት ከኣ ግዝረት ልቢ ብመንፈስ እያ እምበር፡ ብፊደል ኣይኰነትን። እቲ ንእዶኡ’ውን ካብ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካብ ሰብ ኣይኰነን” (ሮሜ 2፡29)።

---

# ምምኻር ካብ ወላዲተይ እየ ተማሂረዮ

*ካብ ገጽ 8 ዝቐጸለ*

ምፍጣር ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ወለዲ ንኣገዳስነት ርክብ፡ ዕብየት፡ መንፈሳዊ ትምህርቲ፡ ከምኡ ኸኣ ጽቡቕ ኣብነት ክትከውን ምኽኣል ንዚብል ኣብ ደቆም ንምስራጽ፡ ገና ውሉድ ካብ ዚብሉ ኣትሒዞም ክሳዕ ደቂ 12 ዓመት ኣብ ዘሎ ዕድመ፡ ጊዜ እንተሂቦሞ፡ እታ ስድራ ዝምድናኣን ርክባታን ከተሐይል ትኽእል እያ። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ሞንጎ ወለድን ደቆምን ኣብ እዋን ጉብዝና ንዝርአ ባሕርያት ኣብ ምርድዳእ ኪቃልለሎምን ኪሕግዞምን ይኽእል እዩ።

***ወላዲ ግድን ክፈልጦን ክገብሮን ኣለዎ ካብ ዚብሃል ገለ ክትጠቕሰልና እንተትኽእሊ፤***

እዚ ቀጺለ ዝህቦ ሓሳብ፡ ኃልዮትን ኅውነትን ዚደረኾ ሞያዊ ሓሳብ እምበር፡ ከም ደረቕ ትእዛዝ ከይርኣ፡ ኣቐዲመ ክላቦ እደሊ። ዘሎኒ ሓሳብ ንምግላጽ ዝኣክል ግና፡-

- ብደቅኹም ተፈታውነት ንምርካብ ኢልኩም፡ ክቡር ነገር ኣይትዓድጉ። ንደቅና ዜድልዮም ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር፡ ምስኦም ብሉጽ ጊዜ ምሕላፍን፡ ትርጉም ዘሎዎ ዕላል ምዕላልን ምኺኑ ምስትብሃል ይግባእ።
- ብዝተኻእለ መጠን፡ ጽን ኢልካ ንምስማዕ ም ል ም ማ ድ ን ምዝውታርን ይግባእ
- ንደቅኹም፡ እቲ ኣብ ልዕሌኦም ዘሎኩም ተገዳስነትን ኃልዮትን ብቓልን ብግብርን ከተርእይዎም ምጽዓር የድሊ
- ስርዓት ንምትኃዝ እትጥቀሙሉዎም ቃላት፡ ብጥንቃቐ ዝተመርጹ እንተዝኾኑን ዝያዳ እንተ ተስተብህሉሎምን
- ሳዃ ወይ መቀባጠሪ ስም ቅድሚ ምሕራይኩም፡ ነቲ ዝሓረኹሞ ስም ኣጸቢቕኩም እንተትሓሰቡሉ እብል።

***ግደ ቤተክርስቲያን ኣብ ከምዚ ዓይነት ምኽራዊ ኣገልግሎት፡ እንታይ ክኸውን ኣሎዎ፤***

ከባድ ሕቶ’ያ። ኣብዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 20 ዓመታት፡ ቤተ ክርስቲያን፡ ትምህርተ ሃይማኖት፡ ኦርቶዶክሳዊ ዶግማን ቀኖናን ኣብ ምምሃር፡ ኣበርቲዓ ሰሪሓ’ያ። ቅዳሴ ኵሉ ብዝርእዮ ብግእዝ፡ ትግርኛን እንግሊዝን ንንባብ ብምብቃዑ፡ ደቅና’ውን ነቲ ቅዳሴ ክከታተልዎ ኣኽኢልዎም እዩ። ገና ከነመሓይሾ ዝግብኣና ግና ኣሎ።

ኣብ ትምህርቲ ሰንበት ዝምሃሩ ደቅናን መንእሰያትናን ቤተ ክርስቲያን ቅዳሴ ብቛንቋ እንግሊዝ ክትጅምር፡ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ድማምስዕለታዊሕይወቶም ዝተኣሳሰረ ኰይኑ ክቐርብ ይሓቱ እዮም። ካልእ ቤተ ክርስቲያን ክትገብሮ ዘለዋ ድማ፡ ማኅበረ ምእመናን ምስ መንእሰያት ክራኸቡ ከለዉ፡ ጥዑም ቃል ከዘውትሩ፡ ዘየድልዩ ርእይቶታት ካብ ምሃብ ኪቍጠቡን ውልቃዊ ዝኾኑ ሕቶታት ምሕታት ኬቋርጹን ክትምህሮም ትኽእል’ያ። ገለ ካብዚ ንምጥቃስ፡ ብዛዕባ ኣቀማቕማን ኩነታትን ጸጉሪ ርእሲ ርእይቶ ምሃብ፡ ትምህርቲ ወዲእካ ዶ፤ መኣስ ኢኻ እትምርዖ፤ ወዘተ ዚብሉ ሕቶታት ምቕራብ፡ ኣብ ሃገርና ዝውቱራትን ቅቡላትን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡ ኣብ ስደት ንዝተወልዱ ደቅና ግና ምቹእነት ዘይፈጥሩ ስለ ዝኾኑ፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታት ካብ ቤተ ክርስቲያን ንኽጠፍኡ’ውን ምኽንያት ስለ ዝኾኑንዎም፡ ሕዝቢ ከየዘውትሮም ቤተ ክርስቲያን ክትምህር ይግብኣ።

ስለዚ ነዛም ዝበልክዎም ንምትግባር፡ መንእሰያት፡ ወለድን ቤተ ክርስቲያንን ኃቢርና ክንሠርሕ ኬድልየና እዩ። “እንሆ ኣኅዋት ብሓደ ኃቢሮም ኪነብሩስ ክንደይ ሠናይን ክንደይ ጥዑምን እዩ” ከም ዚብል ድማ፡ ኵላትና ዘዝጐደለ ኣብ ምምልእ ክንነጥፍ ይግባእ፡ (መዝ 133.1)።

***ብቛንቋና ዝተዳለዉ፡ ወለዲ ኪውከሱሎም ዚኽእሉ፡ መጽሓፍቲ፡ መርበባት ሓበሬታ፡ ወዘተ ይህልዉ ዶ፤***

ዛጊት ብትግርኛ ዘንበብክዋ “ሜላ ኣተዓባብያ ቈልዑ ኣብ ስደት” እትብል ብ ተ ስ ፉ ም ሕ ረ ት ገብረመድኅን እትጸሕፈት መጽሓፍ እያ። ወለዲ ንዓኣ ኬንብቡ እመክር። ብቛንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፉ ግና፡ ሓያሎኣማራጺ ኪርከበሎም ዝኽኣሉ መጽሓፍቲ ኣለዉ። ገለ ንምጥቃስ እንተድለየ፡ ”Raising a Secure Child” by Kent Hoffman, Glen Cooper, and Bret Powell with Christine M. Benton ክጠቅስ እኽእል።

- የቐንየልና!
- ኣነ’ውን ስለቲ ዝተዋህበኒ ዕድል ኣመስግን።

# ጉስነት ንኡስ ወለዶን ብድሆታቱን (ካልኣይን መወዳእታን ክፋል)



ንኡስ ወለዶ፥ ናይ ክልተ ሽሕ ዓመታት ታሪኽ እትውንን፥ ኣብ ትምህርትን ትውፊትን ሓዋርያትን ተካእቶምን ዝተሰረተት፥ እተሓብን እምበር እተሕፍር ቤተ ክርስቲያን ከም ዘይብሎም ኪፈልጡ፡ መጻሕፍቲ ከገላብጡን ኪመራመሩን ይግባእ።

ኦርቶዶክሳውያን ክልተ መጻሕፍ ቅዱስ እዩ ዘሎና ዝብል ብሂል ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ቅዱስ ጽሑፍ እዩ፥ ንሱ፡ መተካእታ ዘይብሉ መሠረት ቤተ ክርስቲያን እዩ። እቲ ካልኣይ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ፡ ሕይወትን ትምህርትን ቅዱሳት ኣቦታት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ታሪኽካን ኣቦታትካን ምስ እትፈልጥ፥ ኦርቶዶክሳዊ ክርስቲያን ምኳንካ ትሕበን እምበር፡ ኣይተሓፍርን ኢኻ። ውሑዳት ተልእኾኦም ዝረስዑ፥ ካብ ንሰማያዊ ንጉስ ንምድራዊ ንጉሥ ዚግዝኡ፥ ነቶም ቀዳሞት ኣቦታትና ዘይመስሉ ውሉደ ክህነት፡ ነቲ ሓቀኛ ኦርቶዶክሳዊ እምነት ኣይውክሉን እዮም። ንቤተ ክርስቲያንና በዚኦም ኣይንለክዓያ።

እቲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፥ እቲ ናይ ኣምላኽ ድማ ንኣምላኽ ዝብል ቅዱስ መርሆ፥ ኣብ ናይ ሓበሻ ኦርቶዶክሳውያን ኣብያተ ክርስቲያናት ኣይትግበርን እዩ።

ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንን፥ ናይ ሓበሻ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናትን ዘሎ ዓብዪ ፍልልይ፥ ዝምድና መንግስትን ቤተ ክርስቲያንን እዩ። ኣብ ናይ ሓበሻ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን፡ ዝመጸ መንግሥቲ ንቤተ ክርስቲያን ከም መሳርሒ ኪጥቀመላ ኪደሊ ከሎ፥ ሰማያዊ ተልእኾኦም ዘኪሮም ቤተ ክርስቲያኖም ካብ ዓለማዊ ኢድ ምትእትታው ዚሕልዉ ውሑዳት እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ግዳይ ማእሰርትን ሞትን ይኾኑ። እቲ ዝበዝሐ ውሉደ ክህነት "ዝነገሡ ንጉሥና ዝበረቐት ፀሓይና" ዚብል እዩ። እዚ ሓቅ'ዚ ርሑቕ ከይከድና፡ ኣብ ዘመንና ኣብ ቅድሚ ዓይንና ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ሰማዕትነት ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ብምርኣይ ኪግለጽ ይኽእል።

ቤተ ክርስቲያን ከም ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ፥ ፍትሒ ጒደለ፥ ድኻ ተበደለ፡ ብምባል ብሶላ (ኮምፓስ) ሕብረተሰብ ኪትከውን እዩ ዝግብኣ። ነዚ ክትገብር፡ ግድን ኣብ ፖለቲካ ኢዳ ከተእቱ ኣየድልያን እዩ። እቲ ነእምሮ ዜብርህ፥ ንልቢ ዜንቕሕ፥ ንመንፈስ ዚምግብ፥ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ ቃል እግዚኣብሔር፥ ሓዋርያዊ መሠረት ዘሎዎ ሥርዓተ ኣምልኾኣን ብብቕዓትን ብጽፈትን፥ እዋኑ ዝሓለወ ጉስነት እንተፈጺማ፡ ንሕብረተሰብ ናብ ቅኑዕ መገዲ ከተማእዝን ኢያ። ኣብ ዘይምልከታን ዘይሞያኣን ኣትያ ኣብ ፖለቲካ ክትመራሳሕ እንተጀሚራ ግን፡ መጻወቲ ፖለቲከኛታት ካብ ምኻን ሓሊፉ፡ ካልእ ረብሓ የብሉን።

መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ኣብ 1995 ዝኣወጆ "ሃይማኖትን ፖለቲካን ነንበይኑ ምኳኑን፥ እቲ ሓደ ኣብቲ ካልእ ኢዱ ከእቱ ከም ዘይግባእን"፥ ባዕሉ ንባዕሉ ኣፍሪሱ ኣብ ቤተ ክርስቲያና ዝፈጸሞ ግፍዒ ጽባሕ ኣብ ስንክሳር ተሰኒዱ ንውሉድ ወለዶ መምሃሪ ኪኸውን እዩ።

ካብ ምእሳር ፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ጀሚርካ፥ ምምራጽ ዝደለይዎ ስማውን ዘይሕጋውን ፓትርያርክ፥ ከምኡ'ውን ብጳጳሳት ዝተወገዙ፥ ብስም ዲያቆናት ካብ ሃገራዊ ድሕነት ተልእኾ ተዋሂብዎም ኣብ ምምሕዳር መንበረ ፓትርያርክ ዝርከቡ ናይ መንግስቲ ወኪላትን ኣብ ነጻ ኤርትራ ኪፍጸም ዝሕለም ኣይነበረን፥ ግን ኮይኑ። እታ ቤተ ክርስቲያን ሓራ ኪትወጽእ እንተኾይና፥ እቲ ሕዝቢ ሓርነት ኪረክብ ኣሎዎ።

### መፍትሒ እማመታት

ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ትንሳኤ፥ ምምሕዳራዊ ሓርነትን ብቑዕ ተካኢ ወለዶን እትረክብ፡ ብሥሉስ ኩርናዕ ኪግለጽ ዚከኣል ብኦርቶዶክሳዊ ትምህርቲ እዩ። ንውሉደ ክህነት፥ ንብምልእታ ስድራ ቤትን ንተካኢ ወለዶን።

#### 1. ትምህርቲ፥ ንውሉደ ክህነት

ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ዓውዲ ፍልጠት፥ ቋንቋን ትምህርትን፥ ዓቃቢት ታሪኽን ቅርስን ኰይና ንዘመናት ዝጸንሐት ምኳና፡ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ምስ ምትእትታው ዘመናዊ ትምህርቲ ግን ብብዙሕ ምኽንያታት፥ ዘመን ዝጠልቦ ስጉሚ ኣይሰጎመትን። ውሉደ ክህነት ሕድሪ ኮይኑዎም ዓቕሞም ዘፍቅዶ ይገብሩ'ኳ እንተሎዉ፥ ነዚ ኣብዚ ዘመን ዘሎ ሕዝብን ንኡስ ወለዶን ንምጉሳይ ዜብቅዕ ሥልጠናን ሓገዝን ኣይረኸቡን። ንመበል 21 ክፍለ ዘመን ዘገልግሉ ብመንፈሳውነቶም ረዘንቲ፡ ሓዋርያውን ቀኖናውን ሠረቶም ዓሚቑ፡ ዶግማ ቤተክርስትያን ኣጽርዮም ዚፈልጡ፡ ዝምድናኦምን ፍልልዮምን ምስ ካልኦት ቤተ እምነታት ብግቡእ ዚርድኡ፥ እቲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፥ እቲ ናይ ኣምላኽ ድማ ንኣምላኽ ኪህቡ ነቲ ሰፊሕን ዓሚቕን ኦርቶዶክሳዊ ትምህርተ ስነ መለኮት፡ ምስ ዘመናዊ ትምህርቲ ብምትእስሳር ብግቡእ ኪምሃርዎ፥ ነቲ ብስጋን መንፈስን ኣብ ቅልውላው ዝርከብ ሕዝቦም ብብቕዓት ኪመርሑ፥ ጓሶት'ውን ጉስነት ይደልዩ እዮም። ትምህርትን ሃብታም ተሞክሮን ኣሓት ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ሳላ ተክኖሎጅን መርበብ

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል

ካብ ገጽ 9 ዝቐጸለ

# “ጐይታ ጸሎት መሃረና”

መልእኽቲ ትንብቦ ኣለኻ እሞ ሕሰብ። እቶም ምሉኣት ስድራ ቤትካ፡ መቕርብካን መሓዙትካን ኣበይ ከም ዘለዉ ኸኣ ዘክሮም። ከምዚ ኢልና ፋሕ ኢልና ክንስና’ውን፡ ካብ ልቢ ዝርሓቐ፡ ካብ ልሳን ጥራይ ዝቕዳሕ ኣብ ጸሎት ዘክረኒ፡ ወይ ኣጀኻ ክጽልየልካ እየ ዝብል ምስሉይነት ዝዓብለሎ ቃላት እንተ ኾይኑ እምበር፡ ነዚ “ዓየይቲ ልኣኽ ናብ እኽልኻ” ኢልኩም ለምኑ ዝብል ትእዛዝ ጐይታናስ፡ ግደፍ ክንገብሮ ከም ሓሳብ’ኳ ኣይንዝክሮን ዘለና። እቲ ኣብ ዓመት ዝግበር ኣጽዋማትና፡ ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ ጠቒስካ ቅኑዕ ምኽኑ ንምርግጋጽ ካብ ዝግበር ቃላት ሓሊፉ፡ ፍሉይ ኣርእስቲ ይኹን ዛዕባ ጸሎት የብሉን። እቲ ኪኸውን ዝነበሮን ዘለዎን ግና፡ ነዚ እንነብሮ ዘለና ዘመንን፡ ነቲ መንፈሳዊ ሓቅን ዝርድኡ፡ ካብ ውልቃዊ ረብሓ ወጺኦም ሕዝቦም ዝእክቡ፡ ንዝተሰብረ ልቢ ኣመንቲ ዝጽግኑ፡ ንሕጊ እግዚኣብሔር ብምእዛዝ ዝሕጐሱ፡ ክንየው ብቓል፡ ብግብሪ ዚዛረቡ ኣገልገልቲ ኬተንስኣልና፡ ናብቲ ዋና እኸሊ ክንጽሊ እዩ ዝግብኣና።

“ጐይታ ጸሎት ምሃረና” ንዝብል ሓሳብ፡ ብብዙሕ ኩርናዓት ክንጥምቶ ንኽእል ኢና። ከምቲ ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና ክንብል ጐይታ ዝመሃረና፡ ካብ ምስልዩነት ወጺኦም ኣብ ሓቂ ዚነብሩ፡ ንጽልኢ ስዒሮም ብጾቶም ዜፍቅሩ፡ ትጉሃት ከምቲ ኣብ ጐይታኦም ዝርእይዎ ዝገብሩ ኣገልገልቲ ከተንስኣልና፡ ናብ ኣምላኽ ክንጽሊ’ውን ጐይታ እዩ ምሂሩና። ኣምላኽ እንተ ፈቒዱ፡ ብህይወት ድማ እንተ ጸናሕና፡ ኣብ ዚቕጽል ናብ ዝርዝር ናይቲ ጐይታ ዝመሃሮ ጸሎት ክንኣቱ ኢና።

እግዚኣብሔር ንልብኹም ናብ ፍቕሪ ኣምላኽን ናብ ትዕግስቲ ክርስቶስን የቕንዓዮ!

ካብ ገጽ 12 ዝቐጸለ

# ጉስነት ንኡስ ወለዶ ብድሆታቱን

ሓበሬታን፡ ኪምሃር ርእሱ ንዘዳለወ፡ እቲ ዕድል ሰፊሕ እዩ።

**2. ትምህርቲ ስድራ ቤት**

ኣብ ሰብኣውን መንፈሳውን ዕብየት ስድራ፡ ዝዓለመ ኦርቶዶክሳዊ ትምህርቲ ብቐጻልነት ምድላው ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ተልእኾ ቤተክርስትያን እዩ። ኣብዚን ዝሓለፉ 50 - 60 ዓመታት፡ ሕዝብና እፎይ ዝበለሉ ኣዋን ኣይነበረን። ብሥጋን ብመንፈስን ዝቐሰለ ሕዝቢ፥ ሕግን መሰልን ዝተነፍጎ፡ ኣብ ጸበባ ዚርከብ ሕዝብን፥ መሰላ ብፖለቲከኛታት ዝተገፈፈት ቤተ ክርስቲያንን እዩ ዘሎና። እዚ ንቡር ሕይወት ዝተሓረሞ ሕዝቢ፥ ማሕበራዊ፥ ስነ ልቦናውን መንፈሳውን ቊስልታቱ ከየሕወየ፡ ብዛዕባ ተካኢ ወለዶ ምፍራይ ኪሓስብ፡ ደረጃኡ ኣየፍቅደሉን እዩ። እታ መባእታዊት ዋህዮ፥ ከም ንእሽተይ ቤተ ክርስቲያን ሓላፍነታ እንተዘይፈጺማ፡ ናይ ውሉደ ክህነት ኣገልግሎት ጥራይ ብቑዕ ተካኢ ወለዶ ኬፍሪ ኣይክእልን እዩ። እዚ ዓብዪ መደብ ኪዕወት “ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሔር ኢና እነገልግል” እትብል ስድራ ቤት ተድልየና (እያሱ 24:15)።

**3. ትምህርቲ ንተካኢ ወለዶ**

ቅዱስ ፖፕ ሽኖዳ ሣልሳይ፡ “መንእሰይ ዘይብላ ቤተ ክርስቲያን መጻኢ ዘይብላ ቤተ ክርስቲያን እያ” ዝበልዎ፡ ብሂል ኣሎ። ቤተክርስቲያን ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ክንደይ ዝኣኽሉ መነኮሳት (ናይ ጽባሕ ጳጳሳት)፥ ክንደይ ካህናት፥ ክንደይ ዲያቆናት፥ ክንደይ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣገልግሎት ኮይኖም ዘገልግሉ ምእመናን፥ ክንደይ ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ኣትዮም ስለ ቤተ ክርስቲያኖምን ሕዝቦምን ዝጣበቑ ፍትሓውያንን፥ ውፉያትን ምእመናን ኪፈርዩ ከም እትደሊ፡ ኣቓዲማ ክትዕልም ይግብኣ። ዕላማ ምስ ተቐመጠ፡ ንዕኡ ዜዐውት ስርዓት ትምህርቲ ይቕረጽ። “ንቑልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኣ መገዲ ኣላምዶ እሞ፡ ምስ ኣረገ ኻብኣ ኣይኪልግስን እዩ” ዚብል ቃል ምእንቲ ኪፍጸም፡ (ምሳሌ 22:6) በብጊዜኡ ዜጋጥም ጸገማት እናተገምገመ፡ ከይሰልከኻ ኪስርሓሉ ይግባእ።

ህልዊ ናይ ስጋን መንፈስን ቅልውላን ድኻም ኣብያተ ክርስቲያናት ሓበሻ ኣብ ግምት ነእትዎ፥ ነዚ ሽግር በይንና ኪንፈትሖ ከም ዘይንኽእል ንእመን። ደቅና ከይንንድእ ምስቶም ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናት ሓቢርና ኣገልግሎትን ተገልገልትን ኮይንና ንነብረሉ መገዲ ክነዳሉ ኣሎና። ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ዓሌትነት ኣይጠቕመናን እዩ። ምልስ ኢልና ታሪኽ እምነትና ንመልከት፥ እቶም ንዓና ብመንፈስ ዝወለዱና ብእምነት እምበር ብዓሌየት ዝሓስቡ ስለ ዘይነበሩ፡ መንነትናን ዓሌትናን ከይጠየቑ ክርስትና ኣስተምሃሩና።

ከይሓረስካን ከይደኸምካን ምህርቲ ኣይርከብን እዩ፥ ኣብ ንኡስ ወለዶ ዝግበር ወፍሪ ኣየጣዕስን እዩ። ሓደ ሰብ ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ክንደይ ዝኣክል ክብደት ሂቡዎ ኣሎ ዝፍለጥ፥ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ዘጥፈኦ ጊዜን ሃብትን መለክዒ እዩ። ንጉዳይ ጉስነት ንኡስ ወለዶ፥ ከም ጊዜ ዘይህብን ሕጹጽን ዓብዪ ጉዳይ ምኳኑ ተረዲኢና ጊዜን ባጀትን ንመድበሉ፥ ብቓል ዘይኮነስ ብግብሪ ክንከዶ ድማ ኣምላኽ ይደገፍ።

# ወደይሺ፡ ማንካ ዶ ይሰርቕ ቀሺ፧!

ሰብኣይን ሰበይትን’ዮም። ንሓደ ቀሺ ጸዊዖም ንድራር ይዕድምዎም’ሞ፡ ድሕሪ’ቲ እንግዶት ድማ እቶም ቀሺ፡ ቃል ኣምላኽ ምሂሮምን ጸልዮምን ይኸዱ። ሰበይቲ፡ ዝተደናሉ ብያቲታትን ማንካታትን ኪሓጽባ ከለዋ፡ ኣቦይ ቀሺ ንሻሂ ዝተጠቐሙላ ንእሽቶ ወርቃዊት ማንካ፡ ከም ዘየላ የረጋግጻ። ሽዑ ንሽዑ ብልበን፡ “እዞም ኣቦይ ቐሽስ ማንካ ሰሪቖም ከይዶም ማለት ድዩ፧” እናበላ ኣብ ሓሳብ ኣተዋ። እቲ ጉዳይ ስለ ዘተሓሳሰበን፡ ንሰብኣየን’ውን ይነግራኦም እሞ፡ ንሶም’ውን ዚብልዎ ይጠፍኦም። ኣቦይ ቀሺ፡ እንተስ ናብራ ከቢድዎም፡ እንተስ ኣገልግሎት ጽዒቕዎም፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት፡ መሊሶም ነቶም ስድራ ደሃዮም ኪገብሩ ይመጹ። እተን ኣደ፡ ስቕ ክብላ ስለ ዘይከኣላ፡ “ኣቦና፡” በላኦም ስክፍትኦን ቅንጥጥ ኣቢለን። “ዝሓለፈ ዓመት ወርቃዊት ማንካ ለኪምኩም ኬድኩም ኢኹም፡ እዝስ ሕማቕ ግብሪ ዶ ኣይኰነን፧!” ኣቦይ ቀሺ ግና “ኣይወሰድኩን” ብምባል ብርእሰ ምትእምማን መለሱ። “ቃል ኣምላኽ ምስ መሃርኩኹም፡ ኣብ መንጎ እታ መጽሓፍ ቅዱስ ኣእትየ እየ ሓዲገያ” ብምባል ድማ ኣረድኡ። ሰብኣይን ሰበይትን ተጠማሚቶም፡ነታዓመት ምሉእ ቀኍሊሕ ዘይበልዋ መጽሓፍ ቅዱሶም ግንጽል እንተበሉስ፡ እታ ማንካ ከይተተንከፈት ኣብኣ ጸንሓቶም። ብተግባራቶም ኣዝዮም ሓነኹ፡ እቲ ዝተረፈ ግና ዛንታ’ዩ! ንሕና ኸ፡ ንመጽሓፍ ቅዱስና፡ ኣብ ከክንደይ ኰን ንነቦ ንኸውን፧!

# ጸባኦት እንታይ ማለት’ዩ፧

ጸባኦት- ብቛንቋ ዕብራይስጥ፡ ጭፍራ፡ ሠራዊት፡ ማለት’ዩ። ስለዚ ”እግዚኣብሔር ጸባኦት” ዘይኰነስ፡ ”እግዚኣብሔር ጐይታ ጸባኦት” ክንብል’ዩ ዚግባእ፡ ይብል መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ። ኣብ ትንቢተ ኢሳይያስ 1.9 እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ገለ ሒደት ትርፊ እንተ ዘይሐድገልናስ፡ ከም ሶዶም ምኾንና፡ ንገሞራ ምመሰልና ኔርና” ዚብል ፡ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግና፡ ”እግዚኣብሔር ጸባኦት ዘርኢ እንተ ዘይሐደገልናስ፡ ከም ሶዶም ምኾንና ንገሞራ’ውን ምመሰልና ኔርና” ብዚብል ተጽሒፉ (ሮሜ 9.29)። ኣብ መልእኽቲ ያዕቆብ ድማ፡ ኣውያት እቶም ዓጻዶ’ውን ኣብ እዝኒ እግዚኣብሔር ጸባኦት በጺሑ’ሎ” ይብል፡ (ያዕ 5.4) ኣብቲ ሓድሽ ትርጉም ግና፡ ”ኣብ እዝኒ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት” ይብል። ስለዚ እምበኣር፡ ጸባኦት ማለት፡ ሠራዊት ማለት ምዃኑ፡ ትርጉም እዛ ቃል እዚኣ ክስወረና ኣይግባእን።

*መወከሲ፡ መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ*

## ኣዛምድ

**መጽሓፍ ምሳሌ 6.16-19 ነቢብካ ዚምለስ። እግዚኣብሔር ዚጸልኤን ሹድሽተ ነገር እየን፡ ኤረ ነፍሱ እምብዛ እትፍንፍነንሲ ሾብዓተ እየን።**

| | | |
|---|---|---|
| 1. | ___ ትዕቢተኛ | ኣ. ልቢ፡ |
| 2. | ___ ሓሳዊት | ሔ. ሓሳዊ ምስክር፡ |
| 3. | ___ ንጹህ ደም ዜፍስሳ | ብ. ኣእጋር፡ |
| 4. | ___ እኩይ ምኽሪ እትፍሕስ | እ. ዓይኒ፡ |
| 5. | ___ እኩይ ነገር ናብ ዘበለ ዚቕልጥፋ | ዚ. ኣእዳው፡ |
| 6. | ___ ሓሶት ዚዛረብ | ግ. መልሓስ፡ |
| 7. | ___ ኣብ መንጎ ኣሕዋት | ር. ባእሲ ዚዘርእ። |

# እንተዝኾነለይ

ከም ዘመነ ሰሎሞን፡
ሕልመይ ምስራሕ መቕደስ
ንስኻ ክትከብር ንስኻ ክትውደስ
ኣበይ’ሞ፡ እንተዝኾነለይ ሕጂ
ብዓይነይ ክርእዮ እቲ ዚግለጽ ኽብሪ
ከመስግነካ፡ ልክዕ ከምቲ ሽዑ
ጕስዒ ልበይ ምስጋና ጕሲዑ

መን’ሞ ኪህብ፧!
ከም ዘመን ኢዮስያስ
ንጣኦት ገዲፈ ክስዕብ ንጐይታ
እንተዝኾነለይ፡ ንሕጊ ኣምላኸይ
ፍሒረ ዜናድዮ፡ ፍሒረ ካብ ባይታ
ኣነን ህዝበይን በደልና ክብሎ
ምሕረቱ ክቕበል’ቲ ልበይ ኪዳሎ

ኣበይ’ሞ፡ እንተዝኾነለይ ሕጂ
ከም ዘመነ ነነዌ፡ ጾም ተኣዊጁ
ካብ ክፉእ ተመሊሰ፡
ምስ ቈልዑ ምስ ዓቢ-ንኡሰ
ኣብ ቅድሜኻ፡ ሓሙኽሽቲ ነስኒሰ

ኣየ ‘ወ እንተዝኾነለይ
ከም ዘመን እያሱ
ከሐድስ ኪዳነይ፡ ልበይ ተመሊሱ

እምብዛ እንዶ’ሞ ኣስጢሙኒ
ሰልሚ ኃጢኣት ሓሊኹ ሒዙኒ
ሓደራኻ ጐይታ፡ ኣይትጠንጥነኒ
ክሳዕ ዝመስለካስ፡ ተተይ ኣብለኒ

*ምኣባዊት ዘኣልማንያ*